
# ሓዳስ ኤርትራ

መበል 33 ዓመት ቑ. 303 | ሰንበት 18 ነሓሰ 2024 | ገጻት 8 ዋጋ 2.00 ናቕፋ



ገጽ 2
ተመሃሮን ምስ ዲጂታላዊት . . .




ገጽ 3
ፈስቲቫል - ቅርዓት ምውርራስ . . .



ገጽ 4
ህይወት ብተስፋ




ገጽ 5
ፖሊሲ፡ ዕላማን ስትራተጂን . . .



ገጽ 7
ሊቨርፑል ብዓወት ፈሊማ




## ፈስቲቫል - “ትሕዝቶ ኮርፖሬሽን ጥሪትን ዘራእትን፡ ኣብ ባይታ ናይ ዝተሰላሰለ ስራሕ መግለጺ እዩ” ነጋድያን

ብኮርፖረሽን ጥሪትን ዘራእትን ኣብ ፈስቲቫል ኤርትራ 2024 - ዝኽሪ 50 ዓመት ፈስቲቫል ቦሎኛ ቀሪቡ ዘሎ ትሕዝቶ፡ መርኣያ ናይ'ቲ መንግስቲ ብዝፍ ወጻኢታት ዝሃጸን ስትራተጂያውያን ከዘንቲ ማይን ዝሰላሰል ዘሎ ሕርሻዊ ልምዓትን ከምዝኾነ ተገለጸ።

ኣብ'ዚ ናይ ሎሚ ዓመት ፈስቲቫል፡ ብዚይካ'ቲ ንባህልናን ወግዕናን ዘንጸባርቕ ትሕዝቶታት፡ መንግስቲ ኣብ ዝሓለፈ ዓመታት ዝሃጸን ዓበይቲ ዲጋታት፡ ከምኡ'ውን ኮርፖረሽን ጥሪትን ዘራእትን ኣብየ ከባቢታት ሃገርና ዘሰላሰሎም ልምዓታዊ መደባት ብቐሊል ክየገዝቡ ከምዝኸኣሉ፡ ነጋድያን ሓቢሮም።

ኣባል ኮርፖረሽን ጥሪትን ዘራእትን መንእሰይ ቴድሮስ ኣብርሃም፡ ቀሪቡ ዘሎ ትሕዝቶ፡ ፍርያት ኣሕምልትን ጥረታትን፤ ጸባን ወጽኢት ጸባ፤ ስጋን ወጽኢቱን፤ ከምኡ'ውን ወጽኢት ኣሕምልትን ፍረታትን ንምስሳን ዝተኻየደ ንጥፈታት ዘጉልሕ ከምዝኾነ ኣረዲኡ።

ኣብ'ቲ ኣዳራሽ ብዝተወሃበ፡ ኣብ ሃገርና ነዊሕ ዕድመ ዘቑጸሩ 3 ቀረጽትን ኣፍረይትን ፈልም ናይ ግሊ ትካላት ተመኩሮኦን ከፍላ እንክለዋ፡ ኣብ መፍረ ቅብኣታት ቁርበት፡ ጸጉሪ ርእስን ገጽን ዝጥፍ ትካል 'ሰየ' ፍርያቱ ዘሎ ትሕዝቶ፤ ከምኡ'ውን 82 ደረስቲ ልዕሊ 200 መጽሓፍቲ ንምርኢት ኣቕሪቦም ኣለው።

ብምውህሃድ ሚኒስትሪታት ጥዕና፡ ሕርሻን ሃብቲ ባሕርን ድማ፡ ኣገባብ ኣሰራርሓ ንዕበየት ህጻናት ዝሕግዝ መኣዝዊ መግቢ 'ዲኤምክይ' ዝምልከት፡ ኣብ ትሕቲ ጽላል ሃማደኤ ዝጥርነፉ ሱጥባቦውያን ደቂ-ኣንስትዮ ምስ ስርሓተን ዘሎ ስርሓት ዕንቅን ላኻን ቅብኣን፡ ኣብኣት ሃገራዊ ማሕበር ዲዛይነራት ድማ ወጽኢት ስርሖም ዝገልጽ ትሕዝቶ ቀሪቡ።

## ፈስቲቫል - ምርኢት ኤርትራውያን ማሕበረ-ኮማት ተናኢዱ

ኣብ ፈስቲቫል ኤርትራ 2024 - ዝኽሪ 50 ዓመት ምጅማር ፈስቲቫል ቦሎኛ፡ ኤርትራውያን ማሕበረኮማት ኣብ ወጻኢ ዘቕረብዎ ትሕዝቶ ተናኢዱ።

እቲ ዝቐረበ - ንጉዕዞ 50 ዓመታት ፈስቲቫል ቦሎኛን ንጥፈታት እተን ማሕበረኮማትን ዝገልጽ ምርኢት፡ ደረቕን ተንቀሳቓስን ስእሊ፡ ኣልባሳት፡ ናይ ደምጺን ቪድዮን ካሴታትን ካልእን ዝሓዘ ነይሩ።

ኤሪና ዝተወከሰቶም ኣወሃሃድቲ ምርኢት ዓዲ-ጥልያንን ስዑድያን ኣብ ዝሃብዎ ሓበሬታ፡ እቲ ቀሪቡ ዘሎ ምርኢት ንድሕሪት መለሱ ምስ ግዜ ዘርብን ምስ ዝሓለፈ ታሪኽ ቃልስና ዘሎ.ን ምኳኑ ብምጥቃስ፡ ኣብ መጻኢ እኹል ግዜ እንተደኣ ተዋሂቡ ብዝበለጸ ንምቕራቡ ከምዝከኣል ገሊጾም።



ስእሊ - ታእዛዝ ኣብርሃ



ስእሊ - ክብሮም ጸሃየ

## ሃ.ኮ.ሰ.ኤ፡ ኣብ ምሕደራ ንግዳዊ ሕርሻን ቤት-ጽሕፈትን ዘተኵረ ስልጠና ወዲቡ

ሃገራዊ ኮንፈደረሽን ሰራሕተኛታት ኤርትራ (ሃ.ኮ.ሰ.ኤ.) ምስ ሚኒስትሪ ትምህርቲ ብምትሕብባር፡ ብምሕደራ ንግዳዊ ሕርሻን ምሕደራ ቤት-ጽሕፈትን ንብረትን ዘሰልጠናም - ሓደስቲ ዝተመደቡሉ መንእሰያትን ኣብ ንግዳዊ ሕርሻ ዝጥፉ ደቂ-ኣንስትዮን ኣመሪቑ።

ኣብ'ቲ ስነ-ስርዓት፡ ኣደ-መንበር ማሕበር ደቂ-ኣንስትዮ ሓረስቶት ወ/ሮ ኣዜብ ጺጋይ፡ ዕብየት ኻል-ኣንስተይቲ ዕብየት ስድራን ሃገርን ምዃኑ ብምጥቃስ፡ ዝ. ተገዝበም ኑቲ ዕድል ንዘርሓዉ መሻርኽቲ ኣማስጊና።

ኣብ ሚኒስትሪ ትምህርቲ ሓላፊ ጨንፈር ምኽትታል ብቐዓት ትምህርቲ ንዓበይቲ ኣቶ ወልዱ በርሀ ቅድሚ ሕጂ ዝተዋህበ ስልጠና ወጽኢቱ ብጉዝበ ኣብ ቦታ ስራሕ ከምዝተመኰረ ብምርግጋጽ፡ ሰልጠንቲ ወትሩ ተመሃሮን ኣፍረይትን ኩይኖም ክርከቡን ኣበርቲዖም ክፀዱን ኣዘኻኺሩ።

ኣብ መወዳእታ፡ ምኽትል ዋና ጸሓፊ ሃ.ኮ.ሰ.ኤ. ኣቶ ክብርኣብ ኪዳን ነቲ ስልጠና ክውን ኣብ ምግባር ንዝተዋሰኡ መሻርኽትን ኣሰልጠንትን ኣማስጊኑ።



## ወፍሪ ተመሃሮ ንልምዓት ናይ ዓመት-ትምህርቲ 2023/2024 ተዛዚሙ

ብ8 ሓምለ ዝጀመረ ወፍሪ ተመሃሮ ንልምዓት ናይ ዓመት-ትምህርቲ 2023/2024፡ ትማሊ 17 ነሓሰ ብወግዒ ተዛዚሙ።

ኣብ'ዚ ንመበል 26 ግዜኡ ዝተኻየደ ሃገራዊ ወፍሪ፡ 33 ሚእታዊት ደቂ-ኣንስትዮ ዝርከብኦም ልዕሊ 28,600 ተመሃሮ፡ ምስ ልዕሊ ሓደ ሽሕ መማህራኑ ክኢላታት ሕርሻ ከምኡ'ውን ኣወሃሃድትን ኣጋር ሓላፍምን፡ ኣብ 44 ንኡሳን ዞባታት ኣብ ዝርከብ 126 ቑጽባታት ተዋፊሮም ወጽኢታዊ ስራሕ ከምዝፈጸሙ ክፍለጥ ተኻኢሉ።

እቲ መደብ፡ 96 ሚእታዊት ኣብ ምዕቃብ ማይን ሓመድን ዘተኰረ ክኸውን እንከሎ፡ ዝተረፈ 4 ሚእታዊት ድማ ድሕነት ትራፊክ፡ ምጽጋን ናይ ሓመድ ጸርግያታት፡ ምስራሕ ጋብዮናት፡ ምእካብ ንመጸገኒ ኣብያተ-ትምህርቲ ዝኸውን ኣእማንን ካልእን ዝሸፈነ ምንባሩ፡ ጸብጻባት ሓቢሮም።

ኣብ ዞባ ደቡባዊ ቀይሕ ባሕሪ ኩነታት ኣየር ኣብ ግምት ብምእታው፡ እቲ ወፍሪ ብዝሳተፍዎ 500 ተመሃሮ፡ ኣብ 10 ሰ ክሳብ 14 ሓምለ ከምዝተኻየደ ዝዘከር እዩ።

ኣብ ጨንፈር ትምህርቲ ዞባ ማእከል - ኣወሃሃዲ ናይ'ቲ ወፍሪ መምህር ጎይትኦም የማነ፡ እቲ ወፍሪ ብደረጃ ዞባ ኣብ ሰለስተ ምድባት ስራሕ፡ ማለት ምዕቃብ ማይን ሓመድን፤ ድሕነት ትራፊክን ምጽፋፍ ሰፈራትን ዘተኩረ ምንባሩን ብጽፈት ከምዝተዓመ ኣረዲኡ።

ኣዚዚ ፖሊስ ትራፊክ ዞባ ማእከል ሜጀር ሃይለ በርኸት ኣቦ-መንበር ማሕበር ድሕነት ትራፊክ ኤርትራ ኣቶ እስቲፋኖስ ሃብተማርያምን ብወከናም፡ ስልጠና ወሲዶም ኣብ ከተማ ኣስመራ ጸዕቂ ተሸከርከርቲ ኣብ ዝርአዮ ከባቢታት ዝተዋፈሩ ተመሃሮ፡ ንቅሓት ድሕነት ትራፊክ ክብ ኣብ ምባልን ሓደጋታት ኣብ ምግታእን ንዘበርክቶ ኣበርክቶ ሞጎሶም።


ወፍሪ ክረምታዊ ልምዓት ተመሃሮ፡ ኣብ ካልኣይ ደረጃ ዝርከቡ ተመሃሮ ዝሳተፍዎ ሃገራዊ መደብ'ዩ።

# ኮርናዕ ተመሃሮ

ሱራፌል ተስፋብሩኽ

## ተመሃሮን ምስ ዲጂታላዊት ዓለም ዘቃዶ ክእለትን (2)

ኣብ ዝሓለፈ ሰሙን ዝቐረበ ቀዳማይ ክፋል ናይዚ ጽሑፍ ከም ዝረኣናዮ፤ ተመሃሮ፡ ዕዉታት ንክኾኑ እንታይ ዝበለ ክእለታት ክህሉዎም የድሊ? ተመሃሮ ክእለቶም ከማዕብሉ ብምንታይ ክጽመዱ ኣለዎም? እቲ ክጥረ ዝድለ ክእለታት፡ ብኸመይ ዝበለ ኣገባባትን ንጥፈታትን ኣብ ክፍሊ፡ ኣብ ተመሃሮ፡ ክሰረት ይኽእል? ዝብሉን ካልኦትን ዓበይቲ ሕቶታት እናኣልዓሉ፡ ዕዉት መጻኢ ናይ ሓደስቲ ወለዶ ክፈጥሩ ይቃለሱ። ዕዉት ሕብረተሰብ፡ እቲ ንእኩብ ፍልጠቱ፡ ክእለቱን ክብርታቱን ብዝለዓለ ሚእታዊት ኣብ ተካእቲ ወለዶኡ ዘሰጋግር እዩ።



ተመሃሮ፡ እቶም ንመጻኢ ዘውንኑ ወለዶ እዮም። ተመሃሮ ብመገዲ ትምህርቲ ኣቢሎም ዘጥርይዎ ክእለትን ሞያን ብዙሕ እዩ። ትምህርቲ ኸኣ ብእተፈላለዩ ኣገባባት'ዩ ዝመሓላለፍ። ኩሉ ተደሚሩ ኸኣ ዝሓሸ መጻኢ ሓደስቲ ወለዶታት ንምጥጣሕ የገልግል። ተመሃሮ፡ ንመጻኢ ብቑዓት ሰባት ኰይኖም ምእንታን ክቕበሉዎ፡ ካብ ግዜ ትምህርቶም ኣትሒዞም ከማዕብሉዎ ዝግብኦም ብርክት ዝበለ ክእለታት ኣሎ። ንገለ ካብኡ ንሎሚ ከነቕርቦ ኢና። እዚ ብመገዲ ቤት ትምህርቲ ኰነ ካልእ ዝጥረ ሞያ ብቑዕ ንምዃን ዝሕግዝ እንዶታት እዩ። ተመሃሮ ብዝፈለጥዎን ዝዘክርዎን ዓቕን ካብ ምግምጋም ወጺኦም፡ በቲ ናይ ምግባር ዓቕሞምን ድሉውነቶምን ምእንታን ክግምገሙ፡ በቲ ዝመሃሩዎ ኣቢሎም ሞያን ክእለትን ከም ዘማዕብሉ ምግባር የድሊ።

እዚ ኪንዮ ንዕኦም ተባሂሉ ክግበር ዝከኣል ኣገባባት፡ ተመሃሮ'ውን ምስ ዲጂታላዊት ዓለም ዘቃድዎም ክእለታት ክጥርዩ ምእንታን ባዕሎም ነብሶም ከዕብዩ'ውን ዝዓበየ ግዴታኦም'ዩ።

ድሕሪ ሓደ ዓመት-ትምህርቲ ዝመጽእ ክረምታዊ ዕረፍቲ፡ ኪንዮ'ቲ ናይ ምዝናይ ግዜኦም፡ ናይ ትምህርቶም ዕላማ ንኸነጽሩ'ውን ዕድል ይፈጥረሎም'ዩ። ኣብቲ ናይ ትምህርቲ ኣዋርሕ ምስ መዓልታዊ ናይ ትምህርቲ መደባቶም ወትሩ ከሰላስልዎ ዝኽእሉ'ኳ እንተ ኾኑ፡ ኣብዚ ዝወሓደ ጻዕቅን ጸቕጥን ዘለዎ ግዜ ሃዲኦም ክሓስቡን ክውስኑን ዝቐስብ ግዜ'ዩ፣ ክረምታዊ ዕረፍቲ። እዚ ኣብ ክልተ ክፋል ቀሪቡ ዘሎ እንዶታት ከኣ ከም መበገሲ ምርምሮም ክኸውን ዝኽእል እዩ። ኣብ ዝሓለፈ ሰሙን፡ ረዓሚ ኣተሓሳስባ፡ ናይ ምብህሃል ክእለት፡ ብሓባር ናይ ምስራሕ ክእለት፡ ሃያሲ ኣተሓሳስባን ግድል ናይ ምፍታሕ ክእለትን ዝብሉ ነጥብታት ዘርዚርና ኔርና። መቐጸልታኡ ኸኣ እንሆ፤

### ነብሰ ምምሕዳር

ሓደ ብባዕሉ፡ ኣብ ካልኦት ከይተጸበየ፡ ከይተወከለ ወይ ከይተመርኰሰ፡ ክምድብ፡ ከመሓድር፡ ክፈጥርን ክፍጽምን ይኽእል። እዚ ነብስኻ ባዕልኻ ናይ ምምሕዳር ዓቕሚ ንሓደ ሞያተኛ፡ ብዓል ድስፕሊን፡ ብጉስን ርእሰ ተኣማንነት ዘሎዎን ሰብ ይገብሮ። ተመሃሮ ነብሶም ኣመሓዲሮም ዝኸድሉ ልምዲ፡ ገና ካብዚ ዘለዉዎ ደረጃ ኣትሒዞም ክጥርዩ ይድለ።

### ኩርኳሪ ምዃን

ሕቶ መበገሲ ኩሉ ፍልጠትን ምህዞን እዩ። ብዘይ ሕቶ ሓንቲ እተረኸበት ፍልጠትን ፍታሕን ኣብዛ ዓለም የላን። ሕብረተሰብ ንደቁ ብዝተፈላለየ ኣገባብ፡ ንደቁ ከምህር እንከሎ፡ ነቲ ባዕሉ ክረኣዮን ክኣልዮን ዘይከኣለ ሓበላ ዓይኑ፡ እተማህሩ ደቁ ክርእዮን ክኣልዮን ባህጊ ስለ ዘለዎ'ዩ። ኣይዛክ ኒውቶን ኣብ ትሕቲ ገረብ ቱፋሕ ኮፍ ኢሉ እንከሎ፡ ሓንቲ ፍረ ካብቲ ገረብ ወዲቓ ኣብ ነብሱ ዓለበት። ከባቢኡ ቍሊሕሊሕ እንተ በለ ሰብ-የለ ኦም-የለ። 'እሞ ከመይ ኢላ ባዕላ ትወድቕ?' ኢሉ ንነብሱ ሓተተ። ንሕቶኡ ክምልስ ከኣ ብዙሕ ነገር ኩርኲሩ ፈሊጡ፡ ንዓለም 'ስሕበት መሬት' ዝብሃል ከም ዘሎ ነገራ። ኣብ እተፈላለየ ኩነታት፡ ኣጋጣሚታት፡ ክስተታት ዝልዓል ሕቶ'ዩ ናብ ፍታሕ ዝወስድ። ኣብ ቤት ትምህርቲ ተመሃሮ ክመሃሩ እንከለዉ ጊር ዝብሎ እልቢ ዘይብሉ ኣምራት ኣሎ። ነዚ ኣምራት ኣጥዒኻ ናይ ምፍላጥን ምኹርኳርን ወኒ፡ ንዝኾነ ተመሃራይ ክህሉዎ ዘድሊ ዕጥቂ'ዩ። ንዝመጽኦ ሕቶ ክሓትት፡ ነቲ ዘይተመለሰሉ ኸኣ ባዕሉ ኣሊሹ መልሲ ናይ ምርካብ ወኒ ከማዕብል የድልዮ። ብኸምዚ ልምዲ ዝዓቢ ተመሃራይ፡ ነቲ ጽባሕ ብዓል ሞያ ኰይኑ ዝሰርሓሉ ዓውዲ፡ እናሓደረ ከም ወሓዚ ማይ ከሕድሶ ክነብር'ዩ።

### ናይ ተክኖሎጂ ክእለት

ዓለም ካብዚ ዘለናዮ መዋእል ጀሚራ ዲጂታልዊት ኰይና ኣላ። ካብ መዓልቲ ናብ መዓልቲ ተክኖሎጂ እናደጀተላ ይኸይድ ኣሎ። ኣብዛ ዲጂታል ዓለም፡ ተክኖሎጂ ብእተፈላለየ መልክዕ ኣብ ኩሉ በጺሑ ይርከብ። ነዚ ዕጣቓት ተክኖሎጂ ንምልማድ ኣብ ገለኡ ዝሑል ኣብ ገለኡ ኸኣ ቅልጡፍ እዩ። ዝዓንበበ ተክኖሎጂ ገና ብእዋኑ ዘይምምላኽ፡ ካብ ዓለም ከም ምብሕታው ክውሰድ ይከኣል። ካብታ መሰረት ናይ ኩሉ ኰይና ዘላ ኮምፕዩተር ጀሚሩ፡ ክሳዕ እቲ ዝዓበየ ምስ ሞያኡ ዝሰማማዕ ሶፍትዌራትን ፕሮግራማትን ክመልኽ ዘይክእል ሰብ ከኣ ባሕታዊ ክብሃል ይከኣል። ተመሃሮ ጽባሕ ንግሆ ኣብ ናይ ስራሕ ሞያኦም ምስ በጽሑ ከይብሕትው ምእንቲ፡ ካብ ሕጂ ጀሚሮም ንሓድሽ ኩነ ዝነበረ ተክኖሎጂ፡ ናይ ምፍላጥን ምፍታንን ልምዲ ክጥርዩ የድሊ።

### ፈጠራውነትን ሰንዓን

ኣብ ከባቢኻ ዘየለ ነገር ክትፈጥርን ዝነበረ ክተመሓይሸን ዘኽእለካ ልምዲ ከም ኩሉም ልምድታት ክኾስኰስ ይግባእ። እዚ ክእለት'ዚ ምስቶም ኣቐዲምና ዝጠቐስናዮም ነጥብታት ይላፈን'ዩ። ሃያሲ ኣተሓሳስባ ምህላው፡ 'እዚ ስለምንታይ ከምዚ ዘይኮነ?' ብምባል ብሓድሽ ዓይኒ የርኢ፣ ብእኡ ኣቢሉ ሕቶ ኣልዒሉ ኣሎ። ነቲ ሕቶኡ ክምልስ ከኣ ግድል ናይ ምፍታሕን ምኹርኳርን ልምዱ ይጥቀመሉ። ዝሕግዙዎ ሰብ በቲ ናይ ምብህሃል ክእለቱ ገይሩ ይሕውስ። በቲ ነብሱ ብምምሕዳር ዝወሰዶ ተበግሶን ድስፕሊንን፡ ዝሕግዞ ተክኖሎጂ ክዓጥቕ እዩ። ብእኡ ኣቢሉ ፍታሕ ይረክብ። ብእኡ ኣቢሉ ናይ ህይወቱ፡ ስርሑን ሕብረተሰቡን ግድላት ናይ ምፍታሕ ልምድን ወኒን ይሓድሮ። ሓድሽ ነገር ናይ ምፍጣርን ዝነበረ ናይ ምምሕያሽን ልምዲ ዝኾነ ተመሃራይ ከማዕብሎ ዘሎዎ እዩ። ትምህርቲ ኣብ ውልቀሰባት ክገብሮ ካብ ዝኽእል ዝዓበየ ቍምነገር'ውን ንሱ'ዩ።

### ረቀቕቲ ክእለታት

ኣብያተ ትምህርቲ ንተመሃሮኣን ረቀቕቲ ክእለታት ክጥርዩ ክሕግዛ ይግባእን እዩ። ተመሃሮ ኸኣ ንቕሓቶም ብምብራኽ ንረቀቕቲ ክእለታት፤ ከም እኒ ምሕደራ ግዜ፡ ናይ ምውዳብ ሜላ፡ ኲታ ሜላ ህይወት ዘዕብዩ፡ ንኽብርታት ሕብረተሰብ ዘማእከለ ክእለታት ክዓጥቁ የድሊ።

### ዝምድናን ኣጠማምታን

ተመሃሮ ኣብ ማሕበራዊ ህይወቶም ማሕቢሮም ክዓብዩ ዘድልዮም ስምዒታት ካብ ገናኡ ክጥርዩዎ የድልዮም። ሰብ ማሕቢሩ ስለ ዝነብር፡ ንሓጉሱን ሓዘኑን ምስ ሰቡ ተማቒሉ ይሓልፎ። ሸግር ሰብ ምክፋል፡ ነብሲኻ ኣብ ቦታ ካልኦት ኣእቲኻ ምርኣይ፡ ሕያውነት፡ ንዝምድናን ምምሕባርን ኣገደስቲ ልምድታት እዮም።

### ግድል

1) ሓሙሽተ ተመሃሮ ዓካት ይበልዑ ነይሮም። ሃይለ ቅድሚ ቢላል ወዲኡዋ፣ ንሲሃም ኣይቀደማን። ዳሉል ቅድሚ ኤደን ወዲኣ፣ ንቢላል ግን ኣይቀደመቶን። መስርዕ ቀዲሞም ዝወድኡ ኣለልዩ!?

(መልሲ ቅድሚ ምርኣይኩም ፈትኑ!)

መልሲ

።ሬያዋ ፡ሣሣሓ ፡ሣሦህ ፡ሣቻለ ፡ሐለህ

### ዳእላ ተመሃሮ



A chemistry professor couldn't resist interjecting a little philosophy into a class lecture. He interrupted his discussion on balancing chemical equations, saying, "Remember, if you're not part of the solution, you're part of the precipitate!"



***

### ጥቕሲ እዚ ሰሙን

"ፍልጠት፡ ካብ ካልኦት ክንምሃር ንኽእል ኢና፣ ልቦና ግን ካብ ውሽጥና እዩ።

- Michel de Montaigne

ንትምህርቲ፡ ምህዞ፡ ርኽበትን ሓፈሻዊ ህይወትን ዝገልጽ ጥቕሲ

ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

ዋና ኣሰናዳኢ

ኣስፍሃ ተኽለማርያም

ምክትል ኣሰናዳኢ

ብርሃነ ምሕረትኣብ

ቍ.ስ 116266 / 201820 (256)

ቦርድ ምስንዳእ

ዮሴፍ ሃይለማርያም

ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል

ተስፋኣለም የማነ

ተስፋልደት መብራህቱ

ቍ.ስ 201820 (250)

ፋክስ. 127749 - ቍ.ሳ.ጾ. 247

ለይ-ኣውት

ፍርቱና ኤፍሬም

ትንሱእ ፍስሃየ

ሳምራዊት ሃብተ

ምዝርጋሕ ጋዜጣ

ቍ.ስ.200454-07121322

ምልክታ

ቍ.ስ 125013 - ቍ.ሳ.ጾ. 1284

ሪፖርታጅ

# ፈስቲቫል - ቅርዓት ምውርራስ ባህልን ታሪኽን

ኣብርሃም ዘርኣ (ወዲ ሃለቃ)
ስእሊ.- ክብሮም ጸሃየ

ቅርዓት ኤክስፖ፣ ቅርዓት ኤርትራዊ መንነትን ባህልን እዩ። ደንበ እዩ - ደንበ ምስሊ ኤርትራዊ ሰብ፣ እዚ ዝዓበየ ሃገራዊ ንግደት፣ ህዝቢ ካብ ኩርናዑ ብምትእኽኻቡ ኣብ ዓመት ሓንቲ ግዜ ሓቢሩ ዘቐጽሉ ኣጋጣሚ እዩ። ዓቢ፣ ናይ እሂንምሂን መዋረሪስን መተኣኻኸቢን ውራይ።

ናይ ሎሚ ዓመት ሃገራዊ ፈስቲቫል ኤርትራ እምባኣር፣ ካብ 10 ነሓሰ ጀሚሩ ክሳብ ሎሚ 18 ነሓሰ 2024 ኣብ ቅርዓትዛ ሕብራዊት ደንበ ዝኾነት ቀጽሪ ኤክስፖ ሸሻይ ትሕዝቶኡ ብምእንጋድ፣ ክሰላሰል ቀንዩ ኣሎ። ኣብ እዋን ቃልሲ ንናጽነት ተወሊዱ፣ ድሕሪ መላእ ሓርነት ኤርትራ ኣካል ባህሊ ህዝቢ ኤርትራ ኮይኑ ዝቕጽል ዘሎ ሃገራዊ ፈስቲቫል፣ ኣብ ወሽጢ ሃገር ጥራሕ ዘይኮኑ፣ ኤርትራውያን ኣብ ዝርከቡለን ዝተፈላለያ ሃገራት ወጻኢ'ውን ዓመት መጸኣ ፈስቲቫለን ኣብ'ዚ ግዙም ወቕቲ'ዚ እየን ዘካይዳኦ።

ፈስቲቫል ኤርትራ፣ ቀሊል ትርጉም ዘለዎ ኣይኮነን። እቲ ዝዓበየን ዝደርማሰን ዕላማኡ ከም መድረኽ ሃገራዊ መተኣኻኸቢ ዝወሰደ እዩ። ምዕሩግን ወዕወዕን ዝዝበሮ ድማ፡ ብቐንዱ ዕዙዝ ዝታፈ ህዝባዊ መግዓዝትን ከምኡ'ውን ተበጻሖ ወልቀ-ሰባትን ብሕታውያን ትካላትን እዩ።

እዚ ደርማስ ውራይ ብዘየ ዕኡ ንኽንጽብረቕ ዝዝበር ዝተረቀቐ ሜላታት ድማ፡ ዝያዳ ብህላዊ መሳናዶኣታት ንምምዕራት ዝዐበር ንጥፈታት እዩ። ህዝቢ ቡቡካኡ ንዋታውን ኣእምሮኣውን ጸጋታቱ ኣዋሃሂዱ ብመልክዕ ውድድር ዘቕርቦ ምርኢት፣ ካብ ሓድሕድ ዝኸለጽ ኣይኮነን። እዚ ንጽጥቐ ባህሊ፣ ታሪኽ፣ ቅርሲታት. . . ንቀጠባውን ማሕበራውን ዕቤት፣ ንፖለቲካውን ባህላውንመዳያት ዝገልጽ ዝተፈላለየ ምርኢታት - ካብቶም ንቀጽሪ ኤክስፖ ሕብራዊ ገየሮሞም ዝቐንጹ ትሕዝቶታት እዮም። ብዘውሳኸ፣ ውልቀፈጠራን ተበላሓትነትን ዜጋታት ዝተርእየሉም "ኣደራሽ ቀዋኢ" እውን ገለ ካብቶም እዚ ናይ ሎሚ ዓመት ፈስቲቫል ዘማዕርግዎ ዓበይቲ ንጥፈታት እዮም ነይሮም ክበሃል ይከኣል። እዞም ቅብኣታት፣ ንሓይልን መኸተን፣ ንሓድነትን ጸገዓትን፣ ንፍቕርን ሰላትን፣ ንያታን ባህልን ህዝቢ ኤርትራ ዘንጸባርቑ ውሕልነት ወርቃውያን ኣእእዳው ዝሓለፍም እዮም።

ኣብ ናይ ሎሚ ዓመት ሃገራዊ ፈስቲቫል፣ ብያታውያን ጉጅለታት ባህሊ ዞባታት ቀሪቡ ዘሎ ምርኢት፣ ንያታዊ ክብርታትና ዝርርብር እዩ። እቲ መደባት ብዘይካ'ቲ ንባህሊ ብሄራትናን ብዙሓትናን ንምልላይ ዘለዎ ተራ፣ ሓያሲቲ ወለዶ - ያታን ክብርታትን ሕብረተሰቦም ንክወርሱን ክፈልጡን ባይታ ዘጸፍ እዩ። ብሓፈሻ፣ ኣብዚ ቅርዓት ምውርራስ ንምርኢት ቀሪቡ ዘሎ ሕብረ-ትሕዝቶታት ብመጽናዕቲ ዝተዓለወን ነዊሕ ምድላዋት ዝተገብረሉን ምኻኑ፣ ኣለይቲ ናይዞን ጉጅለታት ባህሊ ክገልጹ እንከለዉ፣ ካብ ነጋድያን ዝረኽብዎ ዘለዉ ግብረ መልሲ'ውን ንዓኡ ዘደርዕ ምኻኑ እዩ።

ብቐዳሽነታን ዞባታት ሃገርና ንውድድር ክቐርብ ዝተራእየ ያታዊ ትልሂትን መዚቃን፣ ደኪና ይታዊ መጥበሮ ከምኡ'ውን ውድድራት ኣፋዊ ያታት፣ ካብ ዓመት ናብ ዓመት እናሓየለ ይመጽእ ከም ዘሎ ካብ ኣተየደቲ እዞም ባህላዊ ውድድራት ክንፈልጥ ክኢልና ኢና። ካብ'ቲ ዘለዎ ንላዕሊ ዝያዳ ሓይሉ ክቐርብን ቀጻልነት ክልህልዎን፣ ኣብ መጸናዕቲ ዝተመርኮሰ ዕዮታት ክሰራሕን ከም ዘለዎ ድማ፣ ነጋድያን ካብ'ቲ ብተማስጦ እናተዓዘቡ ዝገለጹልና እዩ ነይሩ።

ከም ዝፍለጥ፣ ሃገርን ሃገራውነትን ካብ ዘቑሙ ወሰንቲ ረቛሒታት ሓደ፣ ሓባራዊ ስነ-ኣእምሮ እዩ። ሓባራዊ ስነ-ኣእምሮ ድማ፣ መግለጺ መንነት ኩይኑ፣ መንነት ድማ መግለጺኡ ባህልን ክብርታትን ሓደ ህዝቢ እዩ። ስለ'ዚ መሰረት ህላወ ሕብረተሰብ፣ ብቐንዱ በቲ ዝሰፍሐ ትርጉሙ ባህሊ'ዩ ክበሃል ይከኣል። መሰረት ህላወ ጥራሕ ተባሂሉ ክሕለፍ'ውን ኣይክኣልን። ዋሕስ ቀጻልነትን መጻእን እውን እዩ። ክንዲ ዝኾነ ሕብረተሰብ ቀጻልነቱ ከረጋግጽን ተኣእቲ ወለዶታት ክፈጥርን ጥራሕ ዘይኮኑ ባህሉን ክብርታቱን ብዘየዕኡ እናኣዕበቐም ክኸይድ ዘለዎ እዩ።

ፈስቲቫል፣ ባይታ ብዙሓትነትን ሓድነትን ከም ምኻኑ መጠን፣ ኣብ ቀጽሪ ኤክስፖ ኣብ ዝተኣንገደ ሃገራዊ ፈስቲቫል፣ ቁልዑ ንምዝናጋዕ ንምምሃርን ዝዓለሙ ኣገዳስቲ መደባት'ውን ክቐርቡ ቀንዮም። እቶም መደባት፣ ህጻናት ዝዘናግዑሉ ደንበ፣ ምስ ጥርር ምድሪ ኤርትራ ንምልላይ ዝዓለመ ጉዕዞ ብጠበር፣ ምርኢት ጉጅለ ባህልታት ቀያሕቲ ዕንባቡ...ቀሪቡ ቀንዩ። እቲ ከቕርብዎ ዝቐጽዩ ትሕዝቶታት ድማ፡ ንትብዓትን ጅግንነትን ብሓፈሻ ንምስሊ ሕብረተሰብ ኤርትራ ዝገልጽ እዩ ነይሩ። ብፍልእ ወገኑ፣ ኣብ'ዚ ከይተጠቐሰ ክሕለፍ ዘይግባእ ግን፣ ቅድሚ ሕጂ ኣብ ፈስቲቫል ዝቐርብ ዝበረ፣ ምህዞን ሰንዓን "ዳህሳስ ቁልዑ"፣ ዲጂታላዊ ቤት ንባብ፣ ሌላ ምስ ቴክኖሎጂን ሓበሬታን፣ ስነ-ፍልጠት ከምኡ'ውን ምስ ዝተፈላለያ ሚኒስትሪታትን ዕማምተንን ዝላሊ ሰሓቢ ትሕዝቶታት ዘጠቓለለ ዘይምቕራቡ - ካብ'ቲ ነጋድያን ከም ነቐፌታ ዘቕረብዎ ነጥቢ ነይሩ። ምኽንያቱ ዕላማ እቶም መደባት ብቐንዱ ቁልዑ ብቐሊሉ ምስ ዘይረኽብዎም መሳርሒታት ንክላለዩን እናተዛናግዑ ክመሃሩን ብዓቢኡ ከኣ ምስ እዋናዊ ምዕባለ ቴኖሎጂ ሌላ ንምፍጣር ደራኺ ስለዝኾነ እዩ። ቁልዑ ኣብ መጻኢ ክኾኑዎ ንዝደልዩ ዝሕግዝዝ ንጹር ስእሊ ድማ እዩ።

ምርኢት መጽሓፍቲ፣ ሓደ ካብ'ቲ ንፈስቲቫል ግርማ ዝሃቦ ኩርናዕ ጸባቐ እዚ ቕንያት እዚን እዩ ነይሩ። ብዓይነቶምን ትሕዝቶኦምን ካብ ነዊሕ ዓመታት ክሳብ ሕጂ ተጻሒፎም ዘለዉ ናይ ታሪኽን ባህልን ማሕበራውን ፖለቲካውን ትምህርታውን ጥዕናውን.... ናይ ዓይነትን ንኣሽቱን ብዙሓት መጽሓፍቲ፣ ብርትዓዊ ዋጋ ንምርኢትን መሸጣን ቀሪቦም ቀንዮም። ህዝቢ ድማ፣ ዝደለዮ ዓይነት መጽሓፍ ንዓኡ ይኹን ንደቁ ወይ ንዘሬትዎ መቕርቢ ከም ህያብ ገዚኡ ክኸይድ ተራእዩ። በዚ ኣጋጣሚ፣ ኣብ ሃገርና ባህሊ ንባብ ዝያዳ ንኽዕዘዝ፣ ህዝቢ ናብ ክብርን ያታን ባህሊ ንባብ ከምለስ ንጽውዑ።

እቲ ዝዓበየ ዕማም ፈስቲቫል እምባኣር፣ ንዜጋታት ፍቕርን መንነታዊ ሓበን ከም ዝህልዎም ገይርካ ምኽሳኾስ እዩ። ልዕሊ ካልእ ሃገራዊ ትሕተ ቅርጺታት ዝስራዕ ወኒ - ዘይጭብጦ ረቛሒ እንተሃልዩ ከኣ ንሱ እዩ። መሰረት ምዕባለን ስልጣንን እንተኾነ'ውን ባህሊ እዩ። ኣብ ተመኩሮ ዓለምና ከም ዝተራእየ፣ ባህሉ ከየማዕበለ ስልጣኑ ዘረጋገጸ ሕብረተሰብ ዋላ ሓደ የለን። ምኽንያቱ ባህሊ ሓባራዊ ረእይን ባህግን ኣብ ምፍጣርን፣ ከምኡ እውን ኣብ ምምዕባል ዓቢ ድርኺት ስለዘለዎ።

ባህሊ - ዱልዱል ሃገራዊ ሓድነትን ምዕቡል ኣተሓሳስባን ኣብ ምህናጽ፣ ፍልጠት ዓያይነትን ፈጠራን ማዕዘትን ኣብ ምዕባዝ፣ ካብ ኩሎም ጸጋታት ሃገር፣ እቲ ዝዓበየ ግደ ዝጻወት እዩ። ግደ ባህልን ክብርታትን ኣብ ህንጻት ስልጡን ሃገርን ሕብረተሰብን እምብዛ ዕዙዝ ብምዃኑ፣ ዕማም ባህላዊ ወርሻን መንነትን ናይ ምዕቃብ ፍልጠት ማዕረ'ቲ ፖለቲካውን ቁጠባውን ህንጻት ልዑል ኣተኩሮ ተዋሂብዎ ዝሰርሓሉ ዘሎ ጉዳይ እዩ። ብፍላይ ኣብ'ዚ ዘለናዮ ምስ ዘመን፣ ዘመነ ዓውለማ ምስ ርቀት ቴክኖሎጂን ሓበሬታን ተኣሳሲሩ ንመብቆልን መንነትን ዘጽልእ ንምዕራባዊ ባህሊ ዘናፍቕ - ኩነታት ይፍጠር ስለዘሎ። እዚ ወራር'ዚ (መርዚ እዚ) ንምምካት፣ ባህልን መንነትን ምዕቃብ - ሓደ ካብ ዓበይቲ ዕማማት ህዝብን ሃገርን እዩ። ይጸንሓሊዩ ዘይብዝሎ ዕዮ-ገዛ ናይ ኻሲ-ወከፍ ሰብ ሞያ ባህልን ስነ-ጥበብን እውን እዩ። ፈስቲቫል ከኣ - ሓደ ካብ ዝዓበዩ መተሓላለፊ እዚ ሃገራዊ መንነትን ባህልን።

ብኩለን ዞባታት ዝቐረበ ኣደራሽ ኤግዚቢሽን እውን ንህዝቢ ክፉት ኮይኑ ቀንዩ ኣሎ። ናይ ሎሚ ዓመት ኣደራሽ ኤግዚቢሽን ንተፈጥሮኣዊ ጸጋታት ባሕርን መሬትን፣ ጥንታውያን ቅርሲታትን ሃብቲ እንስሳን፣ ብሓፈሻ ኣብ ጽላት ሕርሻ ዝዕመም ዘሎ ዝተፈላለዩ ልምዓታዊ መደባት ዝሓቖፈ እዩ።

ሓደ ካብ ዝዓበዩ ትሕዝቶታት ፈስቲቫል 2024፣ ንፈለማ ግዜ ኣብ ወጻኢ ብዝኡበሩ ዜጋታት እዚ ሃገር ዝተዳለወ ምርኢት ዝኾነ 50 ዓመት፣ ኣብ ዓቢ ኣደራሽ ናይ'ቲ ቀጽሪ ዝቐረበ እዩ። እዚ ብዝተፈላለዩ ጽሑፋትን ብመልክዕ ቪድዮን ተሰኒዑ ንምርኢት ዝቐረበ መደብ፣ ንፈላሚ ፈስቲቫል ኤርትራውያን ኣብ ቦሎኛን ህዝቢና ኣብ ዓዲ ጥልያን ይኹን ኣብ መላእ ኤውሮጳ ዘካይዶ ዝበረ ሃገራዊ ንጥፈታት ዝሕብር እዩ። ብኣጠቓላሊ፣ ፈስቲቫል ቦሎኛ ኣብ ዕጥቃዊ ቃልስና ዝበሮ ተራን ኣበርክቶን በቲ ሓደ፣ በቲ ካልእ ድማ ንተራ ማሕበረኮማት ኤርትራ ኣብ ድፕሎማስያዊ ስርሓት፣ ኣብ መኸተ ምክልኻል ሃገርን ኣንጻር ተጻብኦትን ውዲታቶምን ዘርኣዩ ጸገዓትን ሓድነትን ዝገልጽ እዩ።

ኣብ ቃልሲ ንናጽነት ዓንበቡ ኮማዊ ሰረት ባህልና ብምሓዝ ዓመት መጽኣ ዝጽምበል ዘሎ ቅሩፈስቲቫል እምባኣር፣ ከም ሃገርን ህዝብን ክብርታትናን መንነትናን ንምዕቃብ እነሰላስሎ መደባት፣ ምስልና እንኸልዓሉ ንግደት እዩ። ብዙሓትነት ዝሰረቱ ባህልናን ሃገራዊ ሰነትናን፣ ታሪኽናን ኣካብበራናን ከምኡ'ውን ንስሙር ሓባራዊ ራኢናን ጻዕርናን እነኑጉልሓሉ ኣጉዳሲ ናይ ምትእኽኻብ መድረኽ። ምኽንያቱ፣ ፈስቲቫልና ባይታ ብዙሕነትን ጽባቐን ህዝብና ስለዝኾኑ። እዚ ብሓያል ወኒ መንፈስን ጭውነት ብዝመልኦ ኣገባብ ዝእንገድ ሃገራዊ ውራይ እምባኣር፣ ኣብ ምዕቃብ ትውፊት ወርሻታት ዘለዎ ረቡሓ ኣዝዩ ልዑል እዩ። ሎሚ ዓመት'ውን ቅርዓትና፣ ቅርዓት ኤክስፖ ነዚ ትርጉም'ዚ ሓቝፉ እዩ ተኻይዱ።

ብዘውሳኸ፣ ኣብ'ዚ ናይ ሎሚ ዓመት ፈስቲቫል፣ ምርኢታት ጉጅለታት ባህሊ ዓበይትን መንእሰያትን፣ ኩርናዕ ድራማ፣ ሞኖሎግ ተኻይዱ። ከምኡ'ውን ኣብ ዝተፈላለዩ ኣርእስታት ዘዘከሩ መጸናዕታዊ ጽሑፋት ገምጋም ተመኪሮ ፈስቲቫል ቦሎኛ፣ ተራ ፈስቲቫል ኣብ ምህናጽ ሃገር፣ ተራ ደቂ-ኣንስትዮ ኣብ ምዕዛዝ ፈስቲቫል፣ ብዘዕባ ስነ-ግጥምን ሓጺር ዛንታን፣ ፈልምታት ሃገርና ኣበጋግሶኡን ዘለዎ ደረጃ ብቐዓትን፣ 80 ዓመታት ተጻብኦን መኸተን....ኣብ ዝበሉ ኣርእስታት ብምሁራትን ዓበይቲ ስነ-ጥበበኛታትን ሰሚናር ተዋሂቡ። ካብ ተሳተፍቲ ድማ፣ ዝተፈላለዩ መሃብተሚ ሓሳባትን ርእይቶን ቀሪቡ። ውድድር ምልከት ያታዊ መሳርሒታት መዚቃ'ውን ብኩለን ዞባታት ቀሪቡ ነይሩ። ብፍላይ ከም መለኸትን እምብልታን ዝኣመሰሉ ገለ ያታዊ መሳርሒታት መዚቃ፣ ናብ ደረጃ ምጽናት በጺሖም ስለዝርከቡ፣ ብቐንዱ ዕላማ'ዚ ፈስቲቫል ንምዕቃቦምን ናብ ዝቕጽል ወለዶ ንምትሕልላፎምን እዩ። ኣብ'ዚ ዓቢ ኣጋጣሚ፣ ብክኢላታት እዚ መሳርሒ ምስ ሕሩያት ዜማታት ሃገርና ተዋሂሂዶም ብዘደንቕ ጥበብ ክህረሙ ምስ ረኣኻ፣ ጽባቐኦም ማዕረ ክንደይ ሱላቢ ምኻኑ ይስወጠካ።

ድምቀት፣ ኣብ ብዙሕነት ዝተሃንጸ ፈስቲቫል ኤርትራ፣ መርኣያ ስልጡን ህዝቢ እዩ። ኣብ ኩሉ ደረጃ ዕድመ ዝርከብ ህዝቢ ኣብ'ዚ ሃገራዊ ምትእኽኻብ ክቕኒ እዩ ዝበሃግ። ሞቶር ፈስቲቫል ኤርትራ ምንቅስቓስ በጻሕቲ እዩ። ጉራማይለ ተወዛዋዚሕ ምርኢት ድማ ዓንዲ ሕቖ ናይ'ቲ ፈስቲቫል እዩ። ኣብ ሕምብርቲ'ዚ ቅርዓት፣ ብቕንያቱ ገለ ነጋድያን እግሮም ክሳብ ዝርብርብ ይዘውሩ፣ ገለ ኣብ ዝመችኦም ቤት-መግብን ማስተን ዝብኣዕን ዝስተን ኣዘዞም ዘዋግዑ፣ ገለ ኣብ ሜዳ ምርኢታት ዓጉጉም ዝዕበቡ፣ ገለ ድማ ኣብ ጥዞር ኣቑሑ ዝርከቡሉ ቦታ ዋጋታት እናሓተቱ ንብረት ዝገዝኡን ዝሸማምቱን...ኮታ ዝተፈላለዩ ትርኢታት ትዕዘብ። ኩሉ ኣብ'ዚ ቀጽሪ ክቶየድ ዝቐጽዩ፣ ንጽባቐን ተፈታውነትን ፈስቲቫል ሂወት ዘልብስ ንጥፈታት'ዩ ነይሩ ክበሃል ይከኣል።

ናይ ሎሚ ዓመት ፈስቲቫል ኤርትራ፣ ግርማ ደበና ክራማት ኣማእኪሉ እዩ ተሰላሲሉ። ሕብራዊ ድምቀቱ ምስ ጥዕም ዕላል ነጋድያን ተሰኒዑ እዩ ፋሕፋሕ ክብል ቀንዩ። ብዓቢኡ ወዲ-ሰብ ደላዪ ሓዳሽ ነገር ስለዝኾነ፣ ናብ ሓደሽቲ ነገራት ናይ'ቲ ፈስቲቫል ከቐንዕ ይረኣ። ሕትሞ ማይ-ምን እናረኣየ በራ ዘጨልጥ የብሉን። ዳጋ ጎፍ እንተበሎ'ውን ክድርገሞ ጥራሕ'ዩ ዘለዎ። ባህላዊ ማስተ ብሓረ ዓፋር ዱማ እውን እንተወሓደ ክፍትና ከም ዝደሊ ርዱእ እዩ። ዝኾነ ሰብ፣ ናብ ዘይፈልጦ ነገራት ምጉያዩ፣ ናብ ፈስቲቫል ኤርትራ ክመጽእ እንከሎ ገለ ዘይልሙድ ወይ ሓዳሽ ነገር ክረኽብ ትጽቢት ከም ዘለዎ ዘማኻኽት እዩ።

ብሓፈሻ፣ ፈስቲቫል ኪኖ'ቲ ናይ ምዝንጋዕ መንፈሱ ዘማሓላልፎ መልእኽትን ዕላማን ዓቢ ብምኻኑ፣ ብዝለዓለ ክድፈኣሉ ዘለዎ ውራይ ሃገር እዩ።

ጥሉል ቅኒ!















# ቑርሲ ሰንበት

መርሃዊ ገብረሚካኤል

## ህይወት ብተስፋ

ከም'ቲ ኩቡዲ ብመግቢ ዝፅንገል፡ ህይወትና ድማ ብተስፋ'ያ ትፅንገል። ኣብ ህይወት ውድቀትን ሽግርን ኣሎ። ብሓፈሻ ንዘሸጋ ነገር ክንስእና ንኽእል ኢና። እቲ ኣጉዳሲ ነገር ግና ኩሉ ብተስፋ ክሰገር ከም ዝኽእል እምንቶ ክሕድር ከምዝለና እዩ።

ኩሉ ግዜ ኣብ ሕሉፍ እትኣብር እንተ ኾንካ ክትልወጥ ኣይትኽእልን ኢኻ። ሕሉፍ ዛንታ እዩ። ዘለኻዮ ግን ወህብቶ እዩ። ስለዚ፡ ካብ ምስ ዘዝሓለፈ ግዜን ታሪኽን ቅኒን ምባል፡ ንዘለኻዮ ደረጃን ንዘተዋህበካ ግዜን ተጠቐመሉ።

ክትበጽሖም ንዝደለኻ መድረኻት ይኹኑ ድሌታት ንምጭባጥ ወሳኒት ክህልወካ ኣለዎ። እዚ ግን ተስፋኻ ኣብ ቦታኡ እናሃለወ ማለት'ዩ። ንድሌታትካ ውሳነ ክትህበሎም ዘይትኽእል እንተ ኾንካ፡ ኣብ ዋላ ሓደ መድረኽ ክትበጽሕ ኣይክኣልን እዩ። እኳ ደኣ ወናኒ ማሰፈር-ኣልቦ ድሌታት ኴንካ ኢኻ እትተርፍ። እዚ ማለት፡ ንድሌታትካ ብተስፋን ግብሪን ኣሰኒኻ ንውሳነ ምስ ዘይትህበሉ፡ ራኢኻን ሕልምኻን ኣብ ውሽጥኻ ተዓቢጦም ንኽተርፉ ኣብርቲዕካ ትሰርሕ ምህላውካ ይሰወጦ።

ሽግር ኣጋጢምዋ ኢልካ ወትሩ ኣይተማርር። ምኽንያቱ፡ እቲ ብሽግር ዝሓለፈ ሰብ እዩ ዝያዳ ድሕሪ ሽግር ንዘሎ ራህዋ ክስተማቕራ ዝኽእል። ስለዚ፡ ዝሸጋ ሽግር ክመጽኣካ እንከሎ ተማሲገን በል። ልዕሊ ኩሉ ግና፡ ኣብ ህይወት ኩሉ ዓይነት ኩነት ኪጋጥመካ ከም ዝኽእል ተረዳእ።

ንህይወትካ ምስ ዝሾጋ ኣይተወዳደር። ሓደ ሃብታም ሰብ ርኢኻ ኣነ ከም'ኡ ዘይኮንኩ ኢልካ ምስ ህይወትካ ተማርር እንተ ኾንካ፡ እታ ዘላትካ ሰላም ኣይክትረኽባን ኢኻ። እዚ ዘብለና ዘሎ፡ ምናልባት እቲ ንዓኻ ሃብታም ጥራይ መሲሉ ዝረኣየካ ዘሎ ሰብ፡ ከማኻ ሰላም ዝመልኦ ሕጉስ መነባብሮ ዘይክህልዎ ስለ ዝኽእል እዩ። ስለዚ፡ ኩሉ ግዜ ብዘላትካ ተማሲገን ምባል ክኣል።

ኩሉ እትገብሮ ጌጋታት መማሃሪኻ እምበር ከውድቐካ ወይ ተስፋ ከቐርጸካ ዕድል ኣይትሃቦ። ከም'ቲ ኣብ ፈለማ እግሪ ዝተኽለ ቈልዓ ነዊሕ ከይከደ ብተደጋጋሚ ዘወድቐ'ሞ ተስፋ ክይቐረጸ ድማ ተንሲኡ ጉዕዞኡ ዝቐጸለ፡ ንሸኻ'ውን ከም'ኡ ክትከውን ጸዓር። ደቂ ሰብ ናብቲ ዝደለይዎ ደረጃ ክበጽሑ እንተ ኾይኖም፡ ብዙሕ ውረድ ደይብ ዝመልኦ መንገዲ ከም ዝሰገሩ ዘኪርካ። ብዘይካዚ፡ ኣብ ጉዕዞ ንዘጋጥሙ ጌጋታት እናኣረምካን ካብኦም እናተመሃርካን መጸኢ ጉዕዞ ህይወትካ ክተጸብቐ ከም እትኽእል ዘይምዝንጋዕ።

ዛንታ ናይ ዕዉታት ሰባት ክትሰምዕን ክትርእን ግዜኻ ኣይተጥፍእ። እኳ ደኣ ብኸመይ ኣብቲ ዘለውዎ መድረኽ በጺሖም ሕተት። ብኸምዚ እንተ ደኣ ቀጺልካ፡ ኣብ ውሽጢ ሓጺር ግዜ ነቲ በጺሖሞ ዘለዉ ደረጃ ክትበጽሖ ዝኽእል ምሉእ ዓቕሚ ወኒን ምህላውካ ብግብሪ ክትርኢ ኢኻ።

ውድቀት ስለ ዘሎ እዩ ሰብ ዝመሃር። በዚ መሰረት፡ ውድቀት ኪጋጥመካ እንከሎ ክትንበርከኽሉን ክትሓርቀሉን ኣይኮነን ዘለካ። ብዘይካ'ዚ፡ ውድቀት ስለ ዘጋጠመካ ዝስሕቑን ዘየጭውን ሰባት ክህልዉ ይኽእሉ እዮም። እዚኦም 'ውን ሓደ ክፋል ናይቲ ድሕሪ ውድቀት ንዝመጽእ ራህዋ መቐረት ዘውስኹ ረቛሒታት ምዃኖም ተገንዘብ። ከምዚኦም ዓይነት ሰባት፡ ዝበሉ እንተበሉ ኣይትገደሰሎም።

ምስ ዘይደረኻ ክትመላለስ ግዜኻ ኣይተጥፍእ። ምኽንያቱ፡ እዚም ሰባት ኣብ ግዜ ዓወትካ ምስ'ቶም ብዓወትካ ዝተሓጐሱ ኣካላት ኮይኖም ከንጨብጭቡ ምርኣይ ንቡር ስለዝኾነ።

ንዘሸጋ ነገር ኣይክእሎን'የ ኣይትበል። ንኣብነት፡ ሓንቲ ከቢድ ሓጺን ከልዕላ ኣይክእልን እየ እንተ ኢልካ፡ ብርግጽ ክተልዕላ ኣይትኽእልን ኢኻ። እንግሊዛውያን፡ "ኣብ ዓለም ዘይከኣል ነገር የለን" እዮም ዝብሉ። ንባዕላ እታ "ኣይከኣልን" እትብል ቃል'ውን እንተ'ሾት ብቋንቋ እንግሊዝ ክትጽሓፍ እንከላ፡ "i'm possible" (ይኽእሎ እየ) ኢያ ትብል።

ኩሉ ግዜ ሰባት ከይበሉኒ ኢልካ ስምዒታትካ ቀቲልካ ኣይትነበር። ስምዒታትካ ቀቲልካ ክትነብር እንተ ፈቲንካ፡ ሕጉስ ክትከውን ኣይክኣልን እዩ። ምኽንያቱ፡ ስምዒታትና ምንጪ ሓጎስና ስለ ዝኾኑ። ከይበሉኒ ክትብል ድሕሪ ሰቦካ ከይትተርፍ ተጠንቀቕ። ከም'ቲ ኣቦታትና ዝበልዎ፡ "ከይበሉኒ ዝበለ ከይተባህለ ነይተርፍ" እዩ'ሞ፡ ሰብ ዝበለ ይበል ብዘየገድስ ኣብ ስምዒታትካ ጥራሕ ንበር።

## ክምዚ'ውን ኣሎ

ኣብዚ ግዜ'ዚ ኣብ ማሕበራዊ መራኸቢታት ዝልጠፉ ዝተፈላለዩ ትሕዝቶን መልእኽቲን ዘለዎም ጽሑፋት ማእለያ የብሎምን። እቶም ጽሑፋት፡ ስእሊታት ይኹኑ ተንቀሳቐስቲ ቪድዮታት፡ ገለን መሃርቲ፡ ኣዘናጋዕቲ፡ ኣደነቕቲ፡ ገለን ከኣ ኣስቆርቋርቲን ንኹሉ ጫፋት ህይወት ዝትንክፉን ኮይኖም ኢኻ ትረኽቦም። ንሎሚ እምብኣር፡ ካብ ማሕበራዊ መራኸቢታት ዝረኸብናያ - ሓደ ኣብ ስደት ዝነብር በዓል ሰብኣይ ናብ ወዱ ዝለኣኻ ደብዳበ ናጸኹም ኑብሉ፦

"እዛ ደብዳበ ብሓውኻ ለገሰ ኣቢለ እየ ዝሰደልካ ዘለኹ። እንተዘይ በጺሓትካ ንገረኒ ኢኻ። ለገሰ ሓውኻ ከም'ቲ ትፈልጦ ናይ ምርሳዕ ጸገም ስለ ዘለዎ፡ ነዛ ደብዳበ እንተዘይ ሂቡካ ኣብታ የማነይቲ ጁባኡ ከእትዋ እየ ኣብኣ ደሊኻ ውሰዳ ኢኻ። ሕጂ ደቂሱ እዩ ዘሎ። ቀስ ኣቢለ ናብታ የማነይቲ ጁባኡ ከእትዋ እየ። ካልእ ክብለካ ዝደሊ፡ እታ ቅድሚ ዓመት ዘመርዓናያ ሓብትኻ ድሮ ነፍሰ ጾር ኮይና ኣላ። እቲ ዝውለድ ቈልዓ ወዲ ደዩ ጓል ስለ ዘይፈለጥና፡ ኣኮ ወይ ሓውኣቦ ኢኻ ኢለ ክነግረካ ኣይክኣልን እየ። ደስ ክብለካ ግን ሓውትኻ እቲ ቈልዓ ወዲ እንተ ኾይኑ ብናተይ ስም ክትሰይሞ ምዃና ነጊራትኒ ኣላ። ኣዝዩ ዘሕጉስ እዩ። እዚ ማለት፡ ኣብ ዓሌትና ንመጀመርታ እዋን ጥባ ዝበዝሖ ቈልዓ ክውለድ እዩ። ንኣሂኻ ዝኸውን 500 ገንዘብ ክሰደልካ ኣለ ነይረ። እንተ'ኾ፡ እዛ ደብዳበ ምስ ዓሸግኩዋ እየ ዘኪረዮ። ኣኣብ ዘለናዮ ሰላምን ቀሳነትን ይኹነልና። ክሳብ ገጽ ንገጽ ንራኣኣ ደሓን ኩን" ይብል ነበረ።




## ሰለስተ ነገራት

ዝዓበዩ ህያባት
ጥዕና፡ ግዜ፡ ወላዲ።

ክኽብሩ ዘለዎም
ወለዲ፡ መምህራን፡ ሽማግለታት።

ከተተኩረሎም ዘለካ
ኣከዳድናኻ፡ ኣካላትካ፡ ኣዘራርባኻ።

ክትኣልዮም ዘለካ
ትዕቢት፡ ምትሓል፡ ዕዳ።

ክትቆጻጸሮም ዘለካ
መልሓስካ፡ ሕርቃንካ፡ ድልየታትካ።

ከተዕብዮም ዘለካ
ጸቡቕ ጠባይ፡ እወታዊ
ኣመለኻኽታኻ፡ ጸቡቕ ተግባርካ።

ክትርሕቆም ዘለካ
ሓጥያት፡ ልዕልና፡ ቂምታ።

ከተፍቅሮም ዘለካ
ፈጣሪኻ፡ ገዛእርእስኻን ኣብ ከባቢኻ
ዘለዉ ሰባትን።
ልዕሊ ኩሉ ግና ንኣብ ምሕጋዝ ሰብ
ምኳን ኣኻሊ ምኳኑ ዘይምዝንጋዕ።

**ቤተልሄም ሰመረ ካብ ኣስመራ**




## ምስላ ንደለይቲ ልቦና

ዓጽምኻ ኣይተቐልል፡ ኣብ ትሕቲ ቆልቋል ኣይተጽልል።
ብንራሕ ኣይትገራህ፡ ብዓሻ ኣይትመራሕ።
ናቱ ዝበልዐ ዕዳ የብሉ፡ ዝማሰሎ ዝተዛረበ ነውሪ የብሉ።
ክፉእ ከፈኡ የኽፍኣካ፡ ሓተላ የትፍኣካ።
ክርክር ካብ ስራሕካ የብኵረካ።
ነገር ብዕርቂ፡ መንገዲ ብደርቂ፡ ሓዊ ብጠልዒ።
ነዊሕ ኦም እንተዓሞቱ የጽልል፡ ዓሻ ሰብ ሰቡ የቅልል።

## እተመሳቐለ ቃላት


ንትኹል

1. ካብ ሕማሙ ዘይሓወየ
2. ምሸት
3. ጸቡቕ መግቢ
4. ንጠበዕ ምስጉግ
5. ሳጥናኤል፡ ሰይጣን
7. ጽጋብ፡ ዝኾ፡
8. ንዘራረብ፡ ንረዳዳእ
11. ዓይነት ማስተ - ፋሕ ዝበለት
13. ዓይነት ቆጥቋጥ - መረር
16. ዓቢ እንስሳ
17. ጥቕሚ መብረድ
18. ወህሉል
20. በረራ እንስሳ
22. ሓፍ ሓፍ ዘይብል፡ ዕገስ
26. መውግኢ መድሃኒት
27. ነገር ብምሳሌ፡ ጸሎት ብ_____
28. ኮላስ፡ ሰሰዕ
29. ሓፍ ንላዕሊ
30. ኣብ በረኻ ዝዓሉ ቅጫ
33. ኀኮ (ብዮዝምጣል )
34. ኣፍ-ደገ ብዓረብ (ብዮዝምጣል )
36. ምልክዕቲ፡ ወቅባቲ
37. ብሓድ ዝደፋእ መዳዕዝየ (ብዮዝምጣል )
38. ሕልና፡ ሓቦ
39. ኣኪቡ፡ ኣስተውዒላ
40. ጥልመት
43. ወርሒ ብዓረብ (ብዮዝምጣል)
45. መዚቃዊ መሳርሒ(ፋሕ ዝበለት)
47. በለዖ ኣስተንፈሰ (ብዮዝምጣል)
50. ስርዓት ዘለዎ፡ እሩም
52. ቀልዲ፡ ጭርቃን

**ኣዳላዊት ኢሳይያስ ያቆብ ካብ ሃኮስኤ**

ንጋድም

1. ሚዜና ዝርኮ ንእስ ዞባ
4. ተርታ፡ ዓንዲ
6. ቀሺ
9. ሃብታ፡ ንብረታ
10. ሕማም ዕቡድ ከልቢ
12. ዓጉብ፡ ጌጋ
14. መቐረት፡ መኣዛ
15. ባህልታት፡ ወግዕታት
17. መሰሓል ካራ
19. ንጸንብሎ፡ ንኽብሮ (ፋሕ ዝበለት )
21. ሰቐ (ብዮዝምጣል )
23. ክዳን ጓል
24. ብሶዕ
25. ጥሉል፡ ዕድለኛ
27. ኣቐብለኒ፡ ኣረክበኒ
29. ቅሉዕ ፍርዲ
31. ጽንዓት፡ ንጹርነት፡
32. ምፍላጥ፡ ምሕባር
33. ቤት ማስተ
34. መስተይ ማይ
35. ሃፈጽታ፡ ጨና
37. ንጉዳዊ ህንጻዊ ትካል (ብዮዝምጣል )
39. ኣሰታት፡ ጥቓ ንግዜ
41. ሒዳ
42. መከላኸሊ፡ መሕብኢ፡ መስተሪ (ብዮዝምጣል )
44. ሕሙም ዝኸደ
46. ብፍርዲ ተዓወተ
48. ኣዘራርባ፡ ኣደማምጻ
49. ርሳሕ ብእንግሊዝ
50. ሓጺር ቆጥቋጥ
51. ቋንቋ ኬንያ፡ ኡጋንዳ
53. ኣንጭዋ ብእንግሊዝ (ብዮዝምጣል )
54. ቤት ትምህርቲ ዋርሳይ ይከኣሎ
55. ብቐርባት ዝተሰርሐ መንጸፍ
56. ውሽጢ ጫማ ዝኣቱ (ብዮዝምጣል )





# ፖሊሲ፡ ዕላማን ስትራተጂን ካዳስትራዊ ምዝገባ

ዓንደም ግርማይ (ወዲ-ደረስ)

(2ይ ክፋል)

*ኣብ ቀዳማይ ክፋል እዚ ብቤት ጽሕፈት-ካዳስተር፡ ሚኒስትሪ መሬት፡ ማይን ኣከባብን ዝቶዳለወ ጽሑፍ፡ ሕጻር ብዛዕባ ካዳስተር እንታይ'ዩ? ምዝገባ ካዳስተር እንታይ እዩ? ኣብ ሃገርና መዓስን ብመንን ተጀሚሩ? ከምኡ'ውን ምስኡ ተኣሳሲሩ ዝኸይድ ኖታሪን ኣመዝጋብኡን ዝምልከት ትሕዝቶ ተመልኪትና ነይርና። ካልኣይ ክፋሉ ይስዕብ፦*

መንግስቲ ኤርትራ፡ ኣብ 1994 ንዝወሓ ዝጠመተ መርሓ ሃገር፡ ማክሮ-ፖሊሲ ሓንጺጹ። ዕላማኡ ወፍሪ ንምትብባዕ፣ ውሑስ ምሕደራ ኣከባቢ ንምርግጋጽ፣ ዘቤናዊ ሕርሻ ንምምዕባል፣ ማሕበራዊ ፍትሒ ንምውሓስ፣ ምዕሩይ ምክፍፋል መሬትን ማሰላት ደቀንስትዮ ኣብ መሬትን ንምርግጋጽ ወዘተ. እዩ። ፖሊሲ መሬት፣ ቀጠባዊ ምዕባለን ምዕሩይ ምክፍፋል መሬትን ንምርግጋጽ ተሓንጺጹ፣ ንትግበራኡ ከኣ ኣዋጅ መሬት ቁ/58/1994 ተኣዊጁ።

### ቀንዲ ትሕዝቶ ኣዋጅ መሬት፦

* ኩሉ መሬት ዋንነት ናይ መንግስቲ ምዃኑ የጸድቕ።

* ንኩሉ ኤርትራዊ ዜጋ ማዕረ መሰል ተጠቃምነት ጤሳ ይህብ።

* መሰል ተጠቃምነት መሬት ሕርሻ ብሕርሻ ንዝናበሩ የረጋግጽ።

* ክራያዊ መሰል ንመንበሪ ንንግዳዊ ሕርሻን ካልእ ኣገልግሎታትን ይህብ።

*ንደቀንስትዮ ማዕረ ደቂ-ተባዕትዮ መሰላት ኣብ መሬት የረጋግጽ።

መሬት ብግቡእ ክመሓደር ክኽእል ግን ክምዝገብ ኣለዎ። መሬት ምምሕዳር ብኻልእ ኣዘራርባ ህዝቢ ምምሕዳር ማለት እዩ። ኣብ ምርግጋጽ መሰል ማዕርነት ደቀንስትዮ ድማ ዓቢ ግደ ኣለዎ። ግቡእ ምሕደራ መሬት ንምርግጋጽ፡ ኣብ ግንቦት 1997 ኣዋጅ ምዝገባ መሬትን ካልእ ዘይንቀሳቐስ ንብረትን ቁ/95/1997 ተኣዊጁ።

ካብ ቀንዲ ትሕዝቶ ናይዚ ኣዋጅ'ዚ፦

- ንኹሉ መሬትን ኣብ ልዕሊ መሬት ዝተሃንጸ ቀዋሚ ንብረትን ዝህሉ መሰላትን ግቡኣትን ከምኡ'ውን ብመሸጣ፡ ብውርሻ፡ ብህያብ ወይ ብኻልእ ኣገባብ ዝግበር ምትሕልላፍ ቀዋሚ ንብረት ይምዝገብ።

- ንኹሉ መሰላት ጤሳ፡ ተጠቃምነት መሬት ሕርሻን ብክራይ ዝዕደልን መሬት ከምኡ'ውን ኣብ ኣገልግሎት መንግስቲ ዝርከብን ኣብ ኣገልግሎት ዘይወዓለ መሬት መንግስትን፡ ዝተፈጸመ ሕጋዊ እገዳ (ትሕጃ) ለውጢ ወይ ምትሕልላፍ ከም ኩነታቱ ኣብ እዋኑ ይምዝገብ።

- ስርዓተ-ምዝገባ መሬት ከም ደረጃ ከባቢ ምዕባለኡን ንኣቃውማን ዶባትን ቃጽያታት ኣሕጺሩ ዘርኢ ካርታ ወይ ንድፊ ካርታ ከምዝቖርብን ዝሕደግን ይገብር።

- ስርዓተ ምዝገባ ሓደ ዝዓይነቱ፡ ብቐሊል ዝምስራሕ፡ ብሕጋዊ ምልክታ ቀጽሪ 31/1997 ዝወጹ ቅጥዒታት ብምምርኳስ ንመንነት በዓል መሰል፣ ንመግለጺ መሬትን ኣብ ልዕሊኡ ዝተሃንጸ ቀዋሚ ንብረትን፡ ዓይነት መሰልን ቀይድታቱን ደገፍቲ ሰነዳትን የጠቓልል።

- ቤት ጽሕፈት-ካዳስተር ከም ሃገራዊ መወከሲን ውሑስት መሰልን ዋንነትን ዘገልግል፡ መሰል ኣብ ልዕሊ መሬት ናይ ዝተሃንጸ ቀዋሚ ንብረት ናብ ሰሞም ክመሓላለፉሎም ዝደልዩ ሰባት ግቡእ ክፍሊት ኣገልግሎት ኣኽፊሎ፡ እቲ ንብረት ትሕጃ፡ ቀይዲ ወይ እገዳ ምህላዉ፣ ወይ ናጻ ምዃኑ መረጋገጺ ሓበሬታ ይህብ።

- ዝኾነ መሬት ብሕጊ ከይተመዝገበን ሕጋዊ መሰለይ ቁጽሪ ከይተዋሃበሉን ኣይምራሕን። ድሕሪ ምርሒት ኣብ ልዕሊ መሬት ዝተሃነጸ ቀዋሚ ንብረት ከኣ ናይ ህንጻ ብቕዓት (መንበሪ ብቕዓት) ምስ ረኸበ ይምዝገብ።


- ኣብ ልዕሊ መሬት ዝተሃንጸን ኣብ ቤት ጽሕፈት-ካዳስተር ዝተመዝገበን ቀዋሚ ንብረት ንልቓሕ ካብ ባንክን ውሕስነትን የገልግል።

- ሚኒስትሪ መሬት፡ ማይን ኣከባቢን... ካብ መንፈስ ናይ'ዚ ኣዋጅ'ዚ ከይወጸ ዝድልዩ ሕጋጋትን መምርሒታትን ከውጽእ ይኽእል።

ቤት ጽሕፈት-ካዳስተር፡ ልዕሊ 136 ዓመታት ዝዕድሚኡ መዛግብትን ሰነዳትን ብግቡእ ክዕቀቡ ዘለዎም ኣለዎ። ነዚ ናይ ቀደም ቀንዲ ሰነዳት ስካን ብምግባር ናብ ኤለክትሮኒካዊ ዳታ ንምቕያርን ዘበናዊ ካዳስትራዊ ስርዓት ንምምዕባልን ከም ቀንዲ መደብ ሒዙ ይሰርሓሉ ኣሎ። እዚ ድማ ንመበቆላዊ ሰነዳት ብምስኣልን (ስካን ብምግባር) ኣብ ዳታብይዝ ብምእታውን ንልዕሊ ሓደን ርብዕን ዘበን ተዓቂቦም ዝጸንሑ ሰነዳት ናብ ኤለክትሮኒካዊ ዳታ ብምቕያር ውሕስነቶም ንምርግጋጽን ስሉጥ ሓበሬታ ንምሃብ ክኸኣልን እዩ።

ቤት ጽሕፈት-ካዳስተር፡ ተልእኾኡ ኣብ ምፍጻም ናይ ርሑቕ ራእይ ኣለዎ። ተልእኾኡ፡ 'ምዕቃብን ምርግጋጽን ውሕስነት ዋንነት ቀዋሚ ንብረትን መሰል ተጠቃምነት መሬትን' ኮይኑ፡ ራእዩ ድማ፡ 'ምዝገባ ቀዋሚ ንብረት ንኩሎም ዓማዊል ስሉጥን ቀሊልን ከም ዝኾነን ምግባር' እዩ። ካዳስትራዊ ምዝገባ፡ ዘለዎ ሓላፍነት ቀሊል ኣይኮነን። ውሕስነት መሰል ተጠቃምነት መሬትን ዋንነት ኣብ ልዕሊ መሬት ዝተሃንጸ ቀዋሚ ንብረትን ስለዝህብ። ከምኡ ብምዃኑ ቤት ጽሕፈት-ካዳስተር፡ ኣብ ስራሕ ካዳስትራዊ ምዝገባን ኣገልግሎትን ክሽሰኩሎምን ክምዕበሎምን ዝጸንሐ ክብርታት ኣለዉ። እዞም ክብርታት እዚኦም፡ ቅንዕና፡ ትሕትና፡ ተሓታትነት፡ ዲሲፕሊን ስራሕ፡ ተማላእነትን ሞያውነትን ምስራሕን ምሽሳልን እዮም። ቤት ጽሕፈት-ካዳስተር፡ ነዞም ክብርታት ብምዕጣቕ፡ ኣብ መንጎ ቤት ጽሕፈትን ዓማዊል ተገልገልትን ስጡም ዝምድና ንምምዕባል ይጽዕር።

**ስትራተጂ፦** ተልእኾ ንምፍጻም ዘገልግል ልዑል ደረጃ ውጥን ኮይኑ፡ ውድዓዊ ኩነታት ኣብ ግምት እናእተወ፡ ፖሊሲ ካዳስትራዊ ምዝገባ ንምትግባር መርሓ ይህብ። ምምዕባል ዘበናዊ ዲጂታላዊ ካዳስትራዊ ስርዓት ሓደ ካብቶም ቀንዲ ሽቶታት ቤት ቤት ጽሕፈት-ካዳስተር'ዩ። ኩሉ መሬትን ኣብ ልዕሊ መሬት ዝተሃንጸ ቀዋሚ ንብረትን ብምምዝጋብን ዘበናዊ ካዳስትራዊ ስርዓት ብምምዕባልን ግቡእ ምሕደራ ኣከባብያዊ




ጸጋታትን ውሕስነት ዘለዎ ምዕባለን ክረጋገጽ ስለ ዘኽእል።

እዚ ምርኩስ ብምግባር፡ ስትራተጂያዊ ውጥን ብምሕንጻጽ ክሰርሕ ድሕሪ ምጅማሩ፡ ዝተሓንጸጸ ውጥን ምስ ሓደሽ ኩነታት ዞባዊ ሰለምን ምትሕግጋዝን ክኽሰስ ስለ ዝበሎ ክፍልታት ሚኒስትሪ መሬት፡ ማይን ኣከባብን ኣብ መጀመርያ ጥቅምቲ 2019፡ ናብ ማእከል ትካላዊ ብቕዓት ኤርትራ (እምባትካላ) ብምኻድን ብምዝታይን ብደረጃ ሚኒስትሪ ዝሰርሕ ስትራተጂያዊ ውጥን ሓንጺጾም። በዚ መሰረት ቤት ጽሕፈት-ካዳስተር፡ ክሳብ 2024ን ክጸዕኑን ዝዘርጋሕ ስትራተጂያዊ ውጥን ሓንጺጹ ንምትግባሩ ይጽዕት ኣሎ።


ቤት ጽሕፈት-ካዳስተር፡ ብመሰረት ኣዋጅ ቁጽሪ 95/1997 ግድነታዊ ምዝገባ መሬትን ኣብ ልዕሊ መሬት ዝተሃንጸ ቀዋሚ ንብረትን ክካይድ ነይሩዎ። እንተኾነ፡ ብሕጽረት ሰብኣውን ትካላውን ዓቕሚ ንምትግባሩ ኣይከኣለን። ሕጽረት ሰብኣውን ትካላውን ዓቕሚ ኣብ ዝህልወሉ፡ ሕቶ ቀዳምነታት ኣብ ምዝገባ ይመጽእ። ከምኡ ስለዝኾነ ድማ ኣብዚ ናይ መሰጋገሪ እዋን እዚኦም ዝስዕቡ ኣገዳስነቶም ተራእዩ ቀዳምነት ተዋሂብዎም ክሰርሓሎም ጸኒሑ ኣሎ። ንኣብነቶም ድማ፡ ምዝገባ መሬትን ህንጻታትን ኣብ ከተማታት፡ ምዝገባ መሬትን ህንጻታትን ኣብ ሓውሲ ከተማታትን ኣብ ከባቢ ከተማታት ዝተደኮና ዓዲታትን፡ ምዝገባ ንትካላትን ንግዳዊ ሕርሻን ዝተዓደለ መሬትን የጠቓልል።

ምስ ምሕያል ሰብኣውን ትካላውን ዓቕሚ ቤት ጽሕፈት-ካዳስተርን ካልኦት መሻርኽቲ ትካላት መንግስትን ግን ዞባዊ ዝርግሐ ብምስፋሕን ናብ ግድነታዊ ምዝገባ ክሰጋገር እዩ። እዚ ማለት፣ ኣብያተ-ጽሕፈት ምዝገባ ብዚይካ እተን ዞባዊ ማእከላት፡ ኣብ ኩለን ዓበይቲ ዞባዊ ከተማታት ክህልዋ እየን ማለት'ዩ። ቤት ጽሕፈት-ካዳስተር፡ ብመሰረት ኣዋጅ መሬት፣ መሬት ሕርሻ ብመሰል ተጠቃምነት ሓንሳብን ንሓዋሩን ክዕደል ምስ ጀመረ፡ ብመሰል ተጠቃምነት መሬት ንዝዕደሉ ነበርቲ ዓዲታት'ውን ክምዝገብ ምዃኑ ርዱእ እዩ።

ሓደ ካብቶም ስትራተጂታት ስርዓት ምዝገባ ምምዕባል ዘበናዊ ዲጂታላዊ ካዳስትራዊ ስርዓት እዩ። እዚ ንምትእትታውን ምምዕባልን ኣብ ኮምፕዩተር ዝተመርኮሰ ስርዓት ምዝገባ ይሓትት። ኮምፕዩተራዊ ስርዓት ምዝገባ ከም ጸጋ ምዕባለ ዘበናዊ ተክኖሎጂ፡ ምዝገባ መሬትን ካልእ ቀዋሚ ንብረትን ኣብ ምቅልጣፍን ረብሓታት ካዳስትራዊ ምዝገባ ኣብ ምርግጋጽን ልዑል ኣበርክቶ ኣለዎ። በዚ ምኽንያት'ዚ ድማ እዩ ምምዕባል ዘበናዊ ካዳስትራዊ ስርዓት ከም መደብ ተታሒዙ ዝሰርሓሉ ዘሎ። ኮምፕዩተራዊ ስርዓት ሓበሬታ፣ ኣድማዒ ምሕደራ መሬትን ሃብታን ንክህሉ ሓጋዚ እዩ።

ዘበናዊ ብስሉኪኦት ዝማዕበለ ብኣህጉራዊ ደረጃ ተወዳዳሪ ቁጠባ ንምምዕባል ዘኽእል ዘበናዊ ካዳስትራዊ ስርዓት ምምዕባል የድሊ። ምኽንያቱ፣ ንምሕደራን ዘላቒ ምዕባለን ኣከባብያዊ ጸጋታት ስለ ዘሕግዝ። ኮምፕዩተራዊ ስርዓት ምዝገባ ብዕቱብ ዝድፍኣሉ እምበኣር ዕዙዝ ረብሓታት ስለ ዘለዎ እዩ። ከምኡ ብምኻኑ ድማ ዘበናዊ ካዳስትራዊ ስርዓት ንምምዕባል ብቑዕ ሞያዊ ዓቕሚ ሰብን ተክኖሎጅን ፍሉይ ቆላሕታ ዝግበረሉ።

ዘበናዊ ዲጂታላዊ ካዳስትራዊ ስርዓት ውጽኢት ዘበናዊ ተክኖሎጂ እዩ። ምምስራትን ምምዕባልን ዘበናዊ ካዳስትራዊ ስርዓት ድማ ምርጫ ዘይኮነ ግድነታዊ'ዩ። ምኽንያቱ ንግቡእ ምሕደራ ኣከባብያዊ ጸጋታት መሬትን ኣብ ልዕሊ መሬት ዝተሃንጸ ቀዋሚ ንብረትን ኣድላዪ ስለዝኾነ። ዘበናዊ ካዳስትራዊ ስርዓት ብዚይ ምትእትታው ኮምፕዩተራዊ ዲጂታላዊ ስርዓት ምዝገባ ዘይሕሰብ እዩ። ኮምፕዩተራዊ ስርዓት ምዝገባ ካብ ዘለዎ ገለ ረብሓታት ንምጥቃስ፦




- ኣብ ኣሰራርሓ ደረጃ (standardization) የትሕዝን የተኣታቱን።
- ፋልማይ ምዝገባ ቀዋሚ ንብረት የቀላጥፍ።
- ዘየድሊ ምብዛሕ ቅዳሕ ሰነዳት ቀዋሚ ንብረት የወግድ።
- ንዕድጊ መሻርሒታት መዐቀቢ ንብረት ዝግበር ወጻኢ የውሕድ፡ ምጡን ዝኸፍሉሉ መዐቀቢ ህንጻ (ክፍልታት) ይሓትት።
- ስሉጥ ምትሕልላፍ ቀዋሚ ንብረት፡ ምምስራሕ ትሕጃን ማዕበርን የረጋግጽ።
- ልዑል ቅኑዕነትን (ልክዕነት) ቀጽጽርን ናይ ዝኣተወ ሓበሬታ ይህልዉ።
- እዋናውነት ሓበሬታ ኩነታት ንብረት የረጋግጽ፡ ማለት ንዓማዊል ተገልገልትን ትካላት መንግስትን።
- ቅዳሕ ኣብ ዳታብይዝ ዝኣተወ ምሓዝ (backup)፡ ካብ ኪጋጥም ዝኽእል ሓደጋታት ምብልሻው የድሕን ወዘተ. ዝበሉ ረቛሒታት የጠቓልል።

ይቕጽል...

## ሎሚ ኣብ ERI-TV

| ሰዓት | መደብ |
|---|---|
| 09:00 | ሃገራዊ መዝሙር |
| 09:05 | ኤሮቢክስ |
| 09:40 | ፊዮሪና |
| 10:20 | ፓኖራማ |
| 11:00 | ማእገር |
| 13:00 | ዶክተራት ኣብ ስቱድዮ |
| 13:45 | ቀስተ ደሕኑት |
| 14:00 | ሞዚይክ |
| 16:30 | እንዳ ዝማም |
| 17:05 | ፍረ ጻዕሪ |
| 17:25 | መስተማክር |
| 18:00 | ፍሉይ መደብ |
| 18:40 | ህርመት |
| 20:00 | ዜና ትግረ |
| 20:13 | እትመት |
| 21:00 | ዜና ትግርኛ |
| 21:25 | ቡያ |
| 22:00 | ዜና ዓረብ |
| 22:15 | ሴላ |
| 22:30 | ዜና እንግሊዝ |
| 22:40 | ሃገራዊ መዝሙር |

### ሰኑይ

| ሰዓት | መደብ |
|---|---|
| 12:00 | ሃገራዊ መዝሙር |
| 12:05 | መደብ ጥዑብ |
| 12:30 | ዜና ትግርኛ |
| 12:55 | ዜና ስፖርት |
| 13:30 | ዕላል ጥዑዮት |
| 13:30 | ዜና ዓረብ |
| 13:45 | ሄሎ ደባይዋ |
| 16:00 | ዶክመንታሪ |
| 17:00 | ዜና ትግርኛ |
| 17:20 | መደብ ጸባቐ |
| 17:30 | ዜና ዓረብ |
| 17:45 | ደረት ቃና |
| 19:10 | ሳይዳ |
| 20:00 | ዜና ትግረ |
| 20:13 | ሰሙናዊ ስፖርት |
| 21:00 | ዜና ትግርኛ |
| 21:25 | ዳህሳስ ሕትመት |
| 22:00 | ዜና ዓረብ |
| 22:15 | ቆላሕታ |
| 22:30 | ዜና እንግሊዝ |
| 24:40 | ሃገራዊ መዝሙር |

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ - ሰምራዊት መለስ

## VACANCY ANNOUNCEMENT VA/03/202

The United Nations Development Programme (UNDP) office in Asmara invites qualified applicants (Eritrean) for the following vacant post:

**Job Code Title:** **Programme Analyst**
**Classified Grade:** **NOB**
**Duty Station:** **Asmara**

**Organizational Context**

UNDP Eritrea is a trusted development partner of choice for the Government of State of Eritrea (GoSE). It contributes to development of Eritrea in the areas of Governance, Data for Development, SDG financing and public sector. UNDP Eritrea's contributions are guided by the Country Programme Document (CPD) and the United Nations Sustainable Development Cooperation Framework (UNSDCF) 2022 – 2026 in line with the SDGs. UNDP Governance Portfolio supports Government's implementation of governance priorities.

Under the guidance of DRR and direct supervision of the Head of SGU the Programme Analyst (Governance) is responsible for effective delivery of assigned projects under the UNDP Governance Portfolio. The Programme Analyst will actively contribute to analysing economic and social trends and issues related to governance, youth and gender in the Eritrea and participates in the formulation, management, implementation, monitoring, evaluation and reporting of project activities within assigned portfolios.

The Programme Analyst (Governance) works in the Governance cluster and in close collaboration with other Programme staff and Operations team in the Country Office (CO), Programme staff in other UN Agencies, UNDP HQs staff and Government officials, technical advisors and experts, multi-lateral and bi-lateral donors and civil society to successfully implement the Governance Portfolio and the UNDP Country programme.

The objective is also to strengthen the impact of UNDP's contributions to national policy analyses and dialogues as well as enhance the policy impact of UNDP programs. S/he will also support research and the formulation of national strategies and action plans.
The Program Analyst works with UNDP experts, consultants, UN Agencies, International Financial Institutions, Government officials, donors, universities, and research institutes.

UNDP adopts a portfolio approach to accommodate changing business needs and leverage linkages across interventions to achieve its strategic goals. Therefore, UNDP personnel are expected to work across units, functions, teams, and projects in multidisciplinary teams in order to enhance and enable horizontal collaboration.

**Key Duties and Accountabilities**

- Support the UNDP country office management and programme team to strengthen programme development and implementation in relevant thematic areas including SDG financing.
- Provision of technical advice to government counterparts and other partners, especially in support of the 2030 Agenda and support SDG financing and inclusive economic policies Contribute to the ideation of new digital and social media campaigns.
- Representation, advocacy, and partner engagement to support UNDP's institutional positioning and advance its mandate.
- Ensure provision of top-quality advisory services and facilitation of knowledge building and management.

**MINIMUM QUALIFICATIONS**

**Education**

To be considered for the position, individuals should meet at least one of the below criteria:

- Advanced university degree (master's degree or equivalent) in development finance, economics, development studies or related field is required, or
- A first-level university degree (bachelor's degree) in combination with an additional two years of qualifying experience will be given due consideration in lieu of the advanced university degree.

**Experience, Knowledge and Skills:**

- Minimum 5 years (with master's degree) or 7 years (with bachelor's degree of relevant experience at the national or international level in relevant areas of development finance, investment promotion, economic research and policy and implementation support is required;
- Extensive experience in research and policy-level analysis;
- Direct experience providing technical advice to government officials is desired
- Demonstrated experience in ability to plan, organize and manage events around sustainable finance, investment, is desirable.
- Experience in preparing high quality policy briefs, papers and guidance notes for use by senior policy makers is desired;
- Knowledge of the SDGs and their application at the national level and demonstrated experience in stakeholder analysis and engagement is desired;
- Previous work experience in Eritrea would be an asset.
- Fluency in oral and written English is required

**Other**

- Qualified female candidates are especially encouraged to apply.

**Application Procedure**

- Qualified candidates are requested to apply online via this website: https://estm.fa.em2.oracle-cloud.com/hcmUI/CandidateExperience/en/sites/CX_1/job/19956
- The application must contain a) Cover letter and b) Curriculum Vitae.
- Copy of document indicating exemption from/completion of national service should be uploaded.
- Applicants can visit the UNDP information centre to apply on the job site.

**Only shortlisted candidates will be invited to an interview.**

| Closing Date: | 22 August 2024 |
|---|---|

**UNDP is committed to achieving workforce diversity in terms of gender, nationality and culture. Individuals from minority groups, indigenous groups and persons with disabilities are equally encouraged to apply. All applications will be treated with the strictest confidence.**

**UNDP does not tolerate sexual exploitation and abuse, any kind of harassment, including sexual harassment, and discrimination. All selected candidates will, therefore, undergo rigorous reference and background checks.**

(Only Short-Listed Candidates will be contacted).

# ስፖርት

ሙሴ ገ/እግዚኣብሄር

## ሊቨርፑል ብዓወት ፈሊማ

ብሓዳሽ ኣሰልጣኒ ኣርነ ስሎት እትዕለም ሊቨርፑል፡ ትማሊ ኣብ ቀዳመይቲ ናይ ፕሪመር ሊግ ጸወታኣ፡ ንኢፕስዊች ታውን 2-ብ0 ብምስዓር ጉዕዞኣ ብዓወት ፈሊማ።

ድሕሪ ልዕሊ 20 ዓመታት ናብ ፕሪመር ሊግ ዝተመልሰት ኢፕስዊች ታውን፡ ቅልጡፍ - ግና ድማ ውሕልነት ዝጎደሎ ጸወታ ከምዘርኣየት ይግምገም። እዛ ተመኩሮ ፕሪመር ሊግ ኣብ ምቕሳም እትርከብ ጋንታ፡ ኣብ ቀዳማይ እብረ ንሊቨርፑል ሸቶ ካብ ምምዝጋብ ተኸልኪላ ንዕረፍቲ 0-ብ0 እያ ወጺኣ።

ዛጊት ዝኾነ ሓዲሽ ተጻዋታይ ዘየፈረመት ዘላ ሊቨርፑል ግና፡ ኣብ መበል 60 ደቒቕ ካብ ዲያጎ ጆታ ብዝረኸበታ ሸቶ 1-ብ0 መሪሓ። ኣብ ካልኣይ እብረ ልዑል ቁጽጽር ጸወታ ዝነበራ ሊቨርፑል፡ ድሕሪ ሓሙሽተ ደቓይቕ እውን ብመንገዲ ሞ ሳላሕ ሸቶ ብምውሳኽ መራሕነታ ኣደልዲላ፡ 2-ብ0 ድማ ተዓዊታ።

ሳላሕ፡ ኣብ ኽፍሲ-ወከፍ መኽፈቲ ጸወታ ፕሪመር ሊግ፡ ሸቶ ከየመዝገበ ወይ ናይ ሸቶ ዕድል ከየፈጠረ ወጺኡ ኣይፈልጥን እዩ። ትማሊ'ውን ሸቶን ቀረብን (ጆታ ዘመዝገባ ባዕሉ እዩ ሃንዲሲዋ) መዝገቡ ኣሎ።

ኢፕስዊች፡ ኣብ 2002 ካብ ፕሪመር ሊግ ናብ ታሕተዋይ ዲቪዥን ክትወርድ እንከላ፡ ኣብ መወዳእታ ጸወታ ንሊቨርፑል እያ ገጢማታ፣ ብገፊሕ 5-ብ0 ከኣ ተሳዒራ። ድሕሪ ክልተ ዕቑዳታት ደጊማ ናብዚ ሊግ ኣብ ዝተመልሰትሉ ከኣ፡ ኣብ ቀዳመይቲ ጸወታኣ ኣብ ሜዳኣ ብናይ 2-ብ0 ስዕረት ተበጊሳ ኣላ።



## ማረስካ፡ ንበን ቺል ዌል ክወጽእ ነጊርዎ

ተጻዋታይ ክለብ ቸልሲ በን ቺል ዌል፡ ቅድሚ ማሰኮት ምስግጋር ናይ'ዛ ክረምቲ ምዕጻው፡ ካብ'ታ ጋንታ ክወጽእ ከምዘኽእል - ኢጣልያዊ ዓሳሚ ቸልሲ ኢንዞ ማረስካ ገሊጹ።

እዚ ናይ ጸጋማይ ክንፌ ተኸላኻሊ፡ ኣብ ትሕተ እዚ ሓዲሽ ዓሳሚ ከካይዱወን ኣብ ዝወርሑ ናይ ምሕዝኡት ጸወታታት፡ ክንዮ 30 ደቓይቕ ኣይተሰለፈን። ቅድሚ'ዛ ሎሚ ንማን ሲቲ ዓዲሞም ዘካይድዎ ቀዳመይቲ ናይ ፕሪመር ሊግ ጸወታኦም ከኣ፡ ማረስካ መጻኢ እዚ ተጻዋታይ ዘኣንፍት መልእኽቲ ሰዲዱ።

ንሱ፡ "ቺል ዌል፡ ኣብዘን ዝሓለፋ ገለ መዓልታት ብሰንኪ ሕማም ልምምድ ኣይገበረን። ኣብ ጸወታ ኣንጻር ኢንተር ሚላን (ናይ ምሕዝኡት ጸወታ) ዘይተሰለፈሉ ምኽንያት ከኣ እቲ ቅኑዕ ቦታ ክረክብ ቅሩብ ብምሽጋሩ እዩ" ክብል፡ ኣብ ብቐዓት ከምዘየለ ኣብሪሁ።

ማረስካ ቀጺሉ፡ "ሎሚ ኣብ ልምምድ 22 ተጻወትቲ ነይሮም፣ ንኹሎም እንተሓቲትካዮም ኣንጻር ማን ሲቲ ክጻወቱ ከምዝደልዩ ምፍላጥ ቀሊል እዩ። ኩሉ መዓልቲ ልምምድ እናገበርካ ዘይትሰለፍ እንተኾይንካ፡ ንተጻወትቲ ጸቡቕ ኣይስመዖምን ዋላ'ውን ንዓይ። ውሳነ ከድልየኒ እዩ። ምናልባት እቲ ዝበለጸ ፍታሕ ምውጻእን ናይ ምስላፍ ዕድል ኣብ ካልእ ክለብ ምርካብን እዩ። ማሰኮት ምስግጋር ተኸፊቱ ኣሎ፣ እንታይ ከምዝጋጥም ድማ - ብዛዕባ ክንርእ ኢና።" ብምባል፡ ቺል ዌል እንተወጺኡ ዝሓሸ ምዃኑ ኣኣንፊቱ።

ቺል ዌል፡ ኣብ መደብ ማረስካ ከምዘየለን ኣብ ጸጋማይ ክንፌ ምክልኻል ንማርክ ኩኩረላ ከምዝቐድምን ይግለጽ። በዚ ከኣ፡ ብቐዋሚ ወይ ብልቓሕ ዝጻወተላ ጋንታ ክናዲ፡ ትሕቲ ክልተ ሰሙናት ተሪፈናኦ ኣለዋ። እቲ ዝዓበየ ጉዳይ ግና፡ ናይ ሰለስተ ዓመታት ውዕል ተረፍዎ ብምህላዉ፡ ቸልሲ እትሓትቶ መጠን መልቀቒ ዋጋ በዞን ዝደልያኦ ጋንታታት ክድፈር ዘለዎ ተኽእሎ ስሑው ከይከውን እዩ። እዚ ወዲ 27 ዓመት እንግሊዛዊ፡ ኣብ 2020 እዩ - ካብ ሌስተር ሲቲ ብ50 ሚልዮን ፓውንድ ናብዛ ለንደናዊት ክለብ ተጸምቢሩ።



## መደብ ጸወታ

**ሎሚ**

ፕሪመር ሊግ

ብሬንትፎርድ - ክሪስታል ፓላስ

4:00 ድ.ቀ

ቸልሲ - ማን ሲቲ 6:30 ድ.ቀ

**ላ'ሊጋ**

ሪያል ሶሴዳድ - ራዮ ቫዮካኖ 8:00 ምሸት

ማጀርካ - ሪያል ማድሪድ 10:30 ምሸት

**ሰሪኣ**

ቦሎኛ - ኡዲኒዘ 7:30 ምሸት

ሀላስ ቨሮና - ናፖሊ 7:30 ምሸት

ካግሊያሪ - ሮማ 9:45 ምሸት

ላዚዮ ቨኒዚያ 9:45 ምሸት

**

**ጽባሕ**

ፕሪመር ሊግ

ሌስተር ሲቲ - ቶተንሃም 10:00 ምሸት

## ኣርሰናል፡ ኣብ ጉዳይ መሪኖ ዝተዓወተት ትመስል

ብኣርሰናል ዝህደን ዘሎ ኣከፋፋሊ ሪያል ሶሴዳድ ሚከል መሪኖ፡ ሎሚ ሰንበት ጋንታኡ ንራዮ ቫዮካኖ ዓዲማ ኣብ እተካይዶ ጸወታ ከምዘይሳተፍ ብምርግጋጹ፡ ናብ ኣርሰናል ናይ ምስግጋሩ መስርሕ ዝተወደአ ከምዝመስል ተገሊጹ።

ብመሰረት ጸብጻባት፡ ብቕድሚ ትማሊ ዓርቢ ኣርሰናል ዝ እስጳኛዊ ብ29.8 ሚልዮን ፓውንድ ከተፈርሞ ኣብ ስምምዕ ቀሪባ ነይራ። ሪያል ሶሴዳድ፡ ትማሊ ኣብ ሰዓታት ድሕሪ ቀትሪ - ኣብ ቀዳመይቲ ናይ 2024-25 ናይ ላ'ሊጋ ጸወታኣ ዝመረጸቶም 24 ተጻወትቲ ወግዓዊ ኣብ ዝገበረሉ፡ ንመሪኖ ብዘይምምራጻ - ኑቲ ናይ ምስግጋሩ ሓበሬታ ዘራጉድ ምኳኑ ይትንተን።

ምስ ኣርሰናል ብውልቁ ከምዝተሰማምዐ ዝግለጽ መሪኖ፡ ካብዛ ጸወታ እዚኣ ዝኣልዮ መጉዳእቲ ከምዘይብሉ ይሕበር። ኣብ ቀረባ ግዜ ናብ እንግሊዝ ብምቕናዕ ምስ ኣርሰናል ክጽምበር ግዳ - ትጽቢት ይግበረሉ።

## ተን ሃግ፡ ስለምንታይ ንማጓዌር ከምዝቐየሮ ኣብሪሁ

### ዚርክዚ፡ መበል 15 ሆላንዳዊ ተጻዋታይ ፕሪመር ሊግ . . .

ኣሰልጣኒ ማን ዩናይትድ ኤሪክ ተን ሃግ፡ ተኸላኻሊ ጋንታኡ ሃሪ ማጓዌር፡ ዓርቢ ምሸት ጸቡቕ እናተጻወተ እንከሎ ክቕይሮ ዝወሰኖሉ ምኽንያት ገሊጹ።

ማጓዌር፡ ኣብታ ጸወታ ኣብ ማእከል መስመር ምክልኻል ኣብ ጎድኒ ሊሳንድሮ ማርቲንዝ እዩ ተሰሊፉ። ዘቖብለን ዝነበረ ኳዓሶ (ፓስ) ከምኡ'ውን ንመልሰ መጥቃዕቲ ፋልሃም ኣብ ምብርዓን ዘርኣዮ ምንቅስቓስ ድማ፡ ሰሓቢ ነይሩ።

እንተኾነ፡ ምሉእ 90 ደቒቕ ክጻወት ኣይከኣለን። ተን ሃግ፡ ኣብ መበል 81 ደቒቕ ብቡዳም ተኸላኻሊ ጆኒ ኢቫንስ ቀይሩ ኣውጺእዎ። ተን ሃግ እዚ እንግሊዛዊ ዝቐየረሉ ምኽንያት ኣብ ዝተሓተተሉ፡ ሸሕ'ኳ መጉዳእቲ ከምዘጋጠሞ እንተኣረጋገጸ - ገለ ጸገም ከምዝነበሮ ግና ኣተንብሀ። በዚ ከኣ፡ መጉዳእቲ ከይገጠሞ እንከሎ ንጥንቃቐ ዝኣክል - ብኡጋ ከውጽኦ ከምዝወሰነ ኣፍሊጡ።

ዩናይትድ፡ ኣብ ሜዳኣ ንፋልሃም ዓዲማ ኣብ ዘካየደታ ናይ መኽፈቲ ጸወታ ፕሪመር ሊግ፡ 1-ብ0 ስዒራ ብዓወት ተበጊሳ ኣላ። ነታ መዐወቲት ሸቶ - ተቐያሪ ዝኣተወ ጆሹዋ ዚርክዚ እዩ ኣብ መበል 87 ደቒቕ ኣመዝጊቡዋ። ኣብ'ዛ ክረምቲ ብ36.5 ሚልዮን ፓውንድ ካብ ቦሎኛ ናብ ዩናይትድ ዝተጸምበረ ዚርክዚ፡ ኣብ ቀዳመይቲ ጸወታኡ እዩ ሸቶ ኣመዝጊቡ።



በዚ ከኣ፡ መበል 15 ሆላንዳዊ ተጻዋታይ ኣብ ቀዳመይቲ ጸወታ ፕሪመር ሊግ ሸቶ ዘመዝገበ ኮይኑ ኣሎ። ካብ'ዞም ኣቐዲሞም ዝበሩ 14 ሆላንዳውያን ተጻወትቲ፡ እቶም ሰለስተ ኣብ ቀዳመይቲ ጸወታኦም ብማልያ ማን ዩናይትድ ሸቶ ዘመዝገቡ እዮም - ሩድ ቫን ኔስቴርሊዩ፡ ኣሌክሳንደር በትነርን ዳኒ ቫን ደ በኪ።

## ራሞስ፡ ከቢድ መጉዳእቲ ገጢምዎ

ኣጥቃዓይ ፒኤስጂ ጎንካሎ ራሞስ፡ ዓርቢ ምሸት ኣብ መኽፈቲ ጸወታ ናይ'ዚ ሓድሽ ወቕቲ ብሰንኪ ዘጋጠሞ መጉዳእቲ፡ ንሰሙናት ካብ ጸወታ ክርሒቕ ከምዘኽእል ተገሊጹ።

ራሞስ፡ ኣብ ቀዳማይ እብረ ብተኸላኸሊ ክለብ ለ ሃቭረ - ኢቴን ኪንኮ ብዝገጠሞ መጉዳእቲ ተቐይሩ ክወጽእ ተቐሲቡ። ዓሳሚ እዛ ፈረንሳዊት ጋንታ ሉዊስ ኤንሪከ ድማ፡ ድሕሪ'ዛ ብዓወት ዝተዛዘመት ጸወታኡ - ብዛዕባ መጉዳእቲ ራሞስ ኣብ ዝተሓተተሉ፡ "ኣነ ዶክተር ኣይኮንኩን፣ ንኽንደይ ሰሙናት ኣብ ተሃድሶ ከምዝጸንሕ ኣይፈልጥኩን። እንተኾነ፡ ከቢድ መጉዳእቲ እዩ ዝመስል" ኢሉ።

እዚ ፖርቱጋላዊ፡ ኣብ ጸጋመይቲ እግሪ ዓንካር ዓንካሪቶኡ እዩ መጉዳእቲ ኣጋጢምዎ። መከላኸሊ ጫማ ለቢሱ ካብ ስታድዮም ክወጽእ'ውን ተራእዩ። ብመሰረት ጋዜጣ ለ ፓሪሴን ከኣ፡ እንተወሓደ ንሰለስተ ኣዋርሕ ካብ ጸወታ ክርሒቕ እዩ። ፒኤስጂ፡ ኣብዘን ተሪፈን ዘለዋ ናይ ምስግጋር መዓልታት፡ ሓዲሽ ኣጥቃዓይ ከተፈርም ኣብ ግምት ኣእትያቶ ምህላዋ፡ እዛ ምንጪ ትውሰኽ።



ፒኤስጂ፡ ኣብታ ምሸት ካብ ለ ካንግ-ኢን ደምበለ ባርኮላን ምዋኒን ብዝረኸበቶን ሸቶታት - 4-ብ1 እያ ተዓዊታ።

## "ሙኒክ፡ ጎረዝካ ንኽወጽእ ትደፋፍኦ" ምንጪታት

ጀርመናዊት ክለብ ባየር ሙኒክ፡ ኣብ ትሕቲ ሓድሽ ዓሳሚኣ ቪንሰንት ኮምፓኒ ኣገዳስነቱ ጉዲሉ ምህላዉ ንዝተገለጸ ኣከፋፋሊኣ - ለዮን ጎረዝካ ንኽወጽእ ትደፋፍኦ ከምዘላ ምንጪታት ሓቢሮም።

ሙኒክ፡ ዓርቢ ምሸት ኣልም ንዘተባህለት ክለብ ኣብ ዋንጫ ጀርመን 4-ብ0 ኣብ ዝሰዓረትሉ ጸወታ፡ ንጎረዝካ ኣይተጠቐመትሉን። ብመሰረት ጋዜጣ ስካይስ ፖርት ጀርመን፡ ሙኒክ ኣብዚ እዋን ኣብ ልዕሊ እዚ ኣከፋፋሊ እትገብሮ ዘላ ጸቕጢ ብምዕባዩ፡ ናብ ካልእ ክለብ ክሰጋገር ከተጅምሮ ትሰርሕ ምህላዋ እዩ ዝፍለጥ።




ዳይረክተር ስፖርት እዛ ጋንታ ክሪስቶፍ ፍረዩንድ፡ ቅድሚ'ታ ጸወታ ኣብ ዝሃቦ መግለጺ፡ "ጎረዝካ፡ ዕዉትን ብሉጽን ተጻዋታይ እዩ። ኣብቲ ዝሰለፈሉ ቦታ ብዙሕ ውድድር ከምዘሎ ግና ኣዘራርናሉ ኢና። ኣብቲ ቦታ እኹላት ተጻወትቲ ኣለዉና፣ ንሱ'ውን ይፈልጥ እዩ። ብኸምኡ ድማ እዩ ሎሚ (ዓርቢ ምሸት) ምስዛ ጋንታ ዘይተመርጸ" ኢሉ።

እዚ በዓል ስልጣን ብተወሳኺ፡ ዋላ'ኳ ንጎረዝካ ንምፍራም ዛጊት ዝኾነ ሕቶ ከምዘይመጸኣም እንተሓበረ፡ ንሓዕ ተጻዋታይ ብምኳኑ ግና፡ ገለ ተገዳስነት ዘርኢያ ክለባት ምህላወን ይዛረብ።

እንተኾነ፡ ጎረዝካ ኣብዛ ጋንታ ብምጽናሕ ቦታኡ ንምውሓስ ከምዝቃለስ፣ እንተዘይኮይኑ - ዝኸኣሎ ገይሩ ቦታኡ ውሒሱ ከምዝጸንሕ እንተደኣ ፈሊጡ። ኣብ ወርሒ ጥሪ ኣብ ዝኸፈት ማሰኮት ምስግጋር ክወጽእ እዩ ዝደሊ። እዚ ወዲ 29 ዓመት ጀርመናዊ፡ ዋላ'ኳ ብተግባራት እዛ ጋንታ እንተተገሃጸ፡ ነዛ ጋንታ እሙን ኮይኑ ብምቕጻል ዛጊት ካብ ግቡእ ልምምድ ኣይበኾረን ዘሎ።

ኣብ 2018 ካብ ሻልከ ካብዛ ዓርሞሽሽ ክለብ ዝተጸምበረ ጎረዝካ፡ ክሳብ ዝሓለፈ ዓመት ኣገዳስነቱ ልዑል ምንባሩ ይፍለጥ። ዛጊት ኣብ 221 ግጥማት ክወክላ እንከሎ 40 ሸቶታት'ውን ኣመዝጊቡላ እዩ። ሙኒክ ዝመጽእ ናብ ዎልፍስበርግ ተጓዒዛ ኣብ እትካይዶ ናይ ቡንደስሊጋ ቀዳመይቲ ጸወታኣ እንተዘይተማሊኦቶ፡ ብዛዕባ መጻኢኡ ኣብ ግምት ከእትዎ እዩ።



# ዳህሳስን ምርምርን

ዮርዳኖስ ጸጋይ

## ዕድመ ኣቦ ኣብ ጥዕና ናጽላ ጽልዋ ከምዘለዎ ተሓቢሩ

ኣብ ዩኒቨርሲቲ ስታንፎርድ - ኣመሪካ ዝተኻየደ መጽናዕቲ፡ ጥዕና ናጽላ ብዕድመ ኣደ ጥራይ ዘይኮነ ብዕድመ ኣቦ እውን ከምዝጽሎ ኣረጋጊጹ።

ብደረጃ ዓለም፡ ብዙሕ እየም ኣብ ከባቢ 50 ዓመት ዕድመኦም ኣቦታት ዝኾኑ ዘለዉ ደቂ-ተባዕትዮ ክልዕል ከሎ፡ ብኡ መጠን ከኣ እቲ ብዕድመ ወለዲ ኣብ ዕሸላት ዝወርድ ዘሎ ጸገማት ጥዕና እናዛየደ ይመጽእ ምህላዉ፡ ኣብዚ መጽናዕቲ ክፍለጥ ተኻኢሉ ኣሎ።

ኣብዚ ዘለናዮ ዘመን ምዕባለ፡ ዝበዝሓ ደቂ-ኣንስትዮ ንዘለወን ናይ ወላድ ገደብ ዕድመ ኣብ ግምት ኣእቲየን ክወልዳ ከለዋ፡ ደቂ-ተባዕትዮ ግን ቅድሚ ኣብ ሓዳር ምጽማዶም፡ ጥጡሕ ናብራ ከውሕሱ ዘኽእሎም ዓወታት ክጉናጸፉ ክበሉ፡ ክወልዱሉ ዝጸንሑ ዕድመ ከደናጉዩዎ ምርኣይ ልሙድ እናኾነ እዩ ዝመጽእ ዘሎ።



እዚ መጽናዕቲ ኣብ 40 ሚልዮን ዝጸሐ ናጽላታት እዩ ተኻይዱ። ካብ ልዕሊ 35 ዓመት ዝዕድመኦም ኣቦታት ዝተወልዱ ናጽላታት፡ ትሑት ሚዛን ሰብነት ዘለዎም ክኾኑ ከለዉ፡ ምስ ተወልዱ'ውን ሽው-ንሽው ናይ ምትንፋስ ጸገም ከምዝስዕቡ ዘለዎም ዕድላት ብማእከሉ ዝለዓለ ኮይኑ ተረኺቡ። ብዘይካዚ፡ ዕድመ ኣቦ እናዓበየ ምስ ዝኸይድ፡ እቲ ናጽላ ጸገማት ሓዙ ክውለድ ዘሎ ተኽእሎ ብኡ መጠን ዝለዓለ ምዃኑ፡ ኣቶኹረደቲ እቲ መጽናዕቲ ገሊጾም።

ንኣቶም ኣሰዒቦም፡ እቲ ኣቦ ዕድመኡ 45 ዓመትን ልዕሊኡን ምስ ዝኸውን፡ እቲ ናጽላ ኣብ ዘይእዋኑ ክውለድ ዘሎ ተኽእሎ ብ14 ሚእታዊት ዝለዓለ ክኸውን ከሎ፡ ካብ 50 ዓመትን ልዕሊኡን ዝዕድመኡ ኣቦ ምስ ዝወለድ ከኣ፡ ኣብ ዘይግዚኡ ክውለድ ዘሎ ዕድላት ብ28 ሚእታዊት ክብ ዝበለ ምዃኑ ኣሕሪሮም። እዚ ብሰንኪ ዕብየት ኣቦታት ኣብ ዕሸላት ዘጋጥም ዘሎ ጸገም፡ ብዝያዳ ኣብ'ተን ምዕቡላት ሃገራት ጌሩ ደርኪቡ።

ኣሕታሚ እቲ መጽናዕታዊ ጽሑፍ ዶር ኣልበርት ሄ ዕድመ ወለዲ ኣብ ስርዓት-ፍርያምነትን ሓፈሻዊ ጥዕና ቁልዑን ጽልዋ ከምዘለዎ ኣዘኻኺሩ፡ ንሱ፡ ዕብየት፡ ንበቐዓት ዘርኢ ወዲ-ተባዕታይ ብምጉዳል፡ ነቲ ዝውለድ ዕሸል ንኣቲዝም፡ ሕማም መሽሮ፡ ሕማም ስከዞፍረንያን ካልእ ጸገማትን ከምዝቃልዖ ሓቢሩ።

ኣብ መወዳእታ፡ ገደብ ዕድመ ወላድ፡ ንደቂ-ኣንስትዮ ጥራይ ዘይኮነ እንተላይ ንደቂ-ተባዕትዮ'ውን ስለዝምልከት፡ ደቂ-ተባዕትዮ ኣብዚ ዛዕባ ዘለዎም መረዳእታ ክዕበዩ ተማሕጺኑ፡ ካብ 70 ንላዕሊ ዝዕድመኦም ደቂ-ተባዕትዮ፡ ኣዋልድ ጥራይ ክወልዱ ዘለዎም ዕድላት'ውን ዝለዓለ ምዃኑ ይሕብር።

## ክኢላታት፡ ‘100 ዓመት ንኽትነብር ዝሕግዙ ልምድታት ከምዘለዉ’ ይሕብሩ

ዕድመ ጸጋ እዩ፡ ብዙሓ 100 ዓመት ዝዕድመኦም ሰባት፡ ካብ ዓመት ናብ ዓመት እናወሰኸ ዝኸይድ ዘሎ ኮይኑ፡ ኣብ 2021 ብዝሑም ናብ 573 ሽሕ ክብ ከምዝበለ ጸብጻባት ይሕብሩ። ጂኒ ን40 ሚእታዊት ካብ ምንዋሕ ዕድመ ዝጸሉ ረቛሒ እዩ፡ እቲ 60 ሚእታዊት ከኣ ብእተኸተሎ ቅዲ መነባብሮ ከምዝጽሎ መጽናዕትታት ይሕብሩ።

ንልምድታት 100 ዓመት ዝዕድመኦም ናይ ዕድመ ሰብ ጸጋ ኣተኪሩ ኣብ ዝተኻየደ ሓዲሽ መጽናዕቲ፡ እዞም ሽማግለታት ማእከላይ ዓቐን ጨው ዘለዎ መኣዘዊ መግቢ ከምዝዘውትሩ ክፍለጥ ተኻኢሉ ኣሎ። እዞም ከም ሩዝ፡ ስርናይ፡ ፍሩታታት፡ ኣሕምልቲ፡ ዓሳ፡ ጥረታት፡



ወጽኢት ጸብን ማእከላይ ዓቐን ስጋን ዝኣመሰሉ መግብታት ከምዝምገቡ ዝገለጹ ዘለዉ ናይ ዕድመ ሰብ ጸጋ፡ ካብ ዝረኸብዎ ጠቕላላ ጸዓት እቲ 65 ሚእታዊት ካብ ካርቦሃይድረይት፡ 32 ሚእታዊት ካብ ፕሮቲን፡ 31 ሚእታዊት ከኣ ካብ ስብሒ ምኳኑ ኣቶኹረደቲ እቲ መጽናዕቲ ሓቢሮም። ብዘይካዚ፡ ኣብ መዓልቲ ካብ 1.6 ግራም ዘይበዝሕ ዓቐን ጨው ከምዝወስዱ ተፈሊጡ ኣሎ። ኣቐዲሙ ኣብ ዝተኻየደ መጽናዕቲ፡ ኣብ ኣመጋግባ ካብ ዓቐን ንላዕሊ ጨው ምዝውታር፡ ምዝንባዕ ኣካላዊ ንጥፈታት ከምዘስዕብ ክሕበር ጸኒሑ እዩ።

ንሳቶም ወሲኾም፡ 100 ዓመት ዝበጹ ሰባት፡ ኣብ ዘመን ህይወቶም መድሃኒት ኣድላዩ ኣብ ዝኾኑሉ ግዜ ጥራይ መድሃኒት ይወስዱ ምንባሮም ሓቢሮም። እዞም ሰባት ጥዑናም ብምሕላው ኣብ መድሃኒት ዘለዎም ምርኩሳ የጉድሉ ምንባሮም ከኣ፡ እቶም ኣቶኹረደቲ መጽናዕቲ ኣሕሪሮም።

ንሳቶም ኣሰዒቦም፡ እዞም ሽማግለታት ኣብ መዓልቲ ካብ ሸውዓተ ክሳብ ሸሞንተ ሰዓታት ይድቅሱ ምንባሮም ገሊጾም። እኹል ሰዓታት ድቃስ፡ ንስርዓት-ተጻዋርነት ብእወታ ብምጽላው ንዓቕሚ ናይ ወጥሪ ሆርሞን ከጉድል እንከሎ፡ ንተኽእሎ ክረኸ ልዑል ጸቕጢ ደም፡ ሕማም ሽኮርን ካልኦት ሕዱራት ሕማማትን ደማ ከምዘንክዮ ይገልጹ።

ብተወሳኺ፡ ዝበዝሑ ካብኦም ኣብ ዓለም ዝርከቡ ናይ ዕድመ ሰብ ጸጋ፡ ኣብ ገጠራት ከምዝነብሩ እዩ ኣብዚ መጽናዕቲ ተሰሊዩ ዘሎ። ገጠራት ዓለምና ባህርያዊ ሃገራት ብብዙሒ ዝርከቦ ኣብ ርእሲ ምኳኑ፡ ካብ ብከላ ኣየርን ደምጽን እውን ናጻ እዩ። እዚ ድማ፡ ንብርቲ ኣካላውን ኣእምሮኣውን ረብሓ ከምዝህቦም ይሕብር። ኣልኮላዊ ማስተን ሽጋራን ዘይምዝውታር፡ ኣካላዊ ምንቅስቓስ ምኽያድ፡ ከምኡ ድማ ንጡፍ ማሕበራዊ ህይወት ምምራሕ፡ እቶም ናይ ዕድመ ሰብ ጸጋ ንኽነብሩ ዘኽእሉኻ ተወሰኽቲ ረቛሒታት ምኻኖም ከኣ ሓቢሮም።

እቶም ተመራመርቲ ኣብ ሓበሬታኦም፡ ከሎም ዝም ልምድታት ዘዘውትሩ ሰባት፡ 100 ዓመት ይበጽሑ ማለት ከምዘይኮነ ብምጥቃስ፡ ዝም ዝዘርዘሩ ነጥብታት ብእዋኑ ምትግባር ግን ነዊሕ ዕድመ ክትነብር ንዘሎካ ተኽእሎ ብዕጽፊ ከምዘልዕሎ፡ ኣብ መወዳእታ ኣሕሪሮም።


## ‘ጸቕጢ ስራሕ ንዘይንቡር ህርመት ልቢ የቃልዕ’ ተባሂሉ

ኣብ ካናዳ ኣብ ዝተኻየደ መጽናዕቲ፡ ጸቕጢ ስራሕ ንተኽእሎ ዘይንቡር ህርመት ልቢ ብ83 ሚእታዊት ከምዘልዕል ተረጋጊጹ። ብዘይካ'ዚ፡ ኣብ እትዓዮ ስራሕ ነቲ እትገብሮ ጻዕርታት ዝዓረገ ሞንስን ኣታዊታትን ምስ ዘይትረኽብ፡ ዘይንቡር ህርመት ልቢ ከተማዕብል ንዘሎ ዕድላት ብ44 ሚእታዊት ከምዝዕብዮ ተገሊጹ።

ኣቐዲሙ ዝተኻየደ ተመሳሳሊ መጽናዕቲ'ውን፡ ኣብ ግዜ ስራሕ ዝፍጠር ልዑል ጸቕጢ ምስ ጸገማት ልቢ ከምዝተኣሳሰር እዩ ከመልከት ጸኒሑ። ዘይንቡር ህርመት ልቢ፡ - ወቕዒን ድኻም ልብን ካልኦት ምስ ልቢ ዝተኣሳሰሩ ጸገማትን የስዕብ።

እቲ መጽናዕቲ 6 ሽሕ ሰባት ዝሳተፉ ኮይኑ፡ ን18 ዓመታት'ዩ ተኻዪዱ። ልዑል ጸቕጢ ኣብ ዘለዎ ስራሕ ዝተዋፈሩን ብተወሳኺ'ውን ንጻዕርም ዝመጣጠን ሞንስን መሃያን ዘይረኽቡን ሰባት፡ ምስ'ቶም ጸቕጢ ኣብ ዘይብሉ ስራሕ ዝተዋፈሩን ብኣስራሕቶም ከኣ ምስ ዕዮኦም ዝመጣጠን ኣፍልጦን ደሞዝን ዝረኽቡን ሰራሕተኛታት ክነጻጸሩ እንከለዉ፡ ብዘይንቡር ህርመት ልቢ ክጥቅዑ ዘለዎም ዕድላት ብ97 ሚእታዊት ልዒሉ ተረኺቡ።


ጸቕጢ ስራሕ ኣብ ሰራሕተኛታት ጸገም ልቢ ስለዘስዕብ፡ ኣስራሕቲ፡ ሰራሕተኛታት ካብ ወጥሪ ናጻ ኮይኖም ዝሰርሑሉ ወሐስ ባይታ ብምጥጣሕ፡ ኣብ ጥዕናን ኣፍራይነትን ሰራሕተኛታት እወታዊ ተራ ክጻወቱ፡ ኣካየድቲ ናይ'ቲ መጽናዕቲ ኣብ መወዳእታ ተማሕጺኖም።



## ብጸሓያዊ ጸዓት ‘ካብ ኣየር ማይ እተመንጩ’ መሳርሒት ተማሂዛ

ተመራመርቲ ዩኒቨርሲቲ ስ-ፍልጡት ንገስ ዓብዱላህ - ስዑዲዓረብ፡ ብጸሓያዊ ጸዓት እትሰርሕ - ካብ ድሩቕ ኣየር ብዘይዝኾነ ናይ ሰብ ክትትል ንስመናት ማይ ከተመንጩ እትኽእል መሳርሒት ከምዝማዕበሉ ሓቢሮም።

ቅድሚ ሕጂ ዋላ'ኳ ካብ ኣየር ማይ ከመንጭዋ ዝኽእላ ብርክት ዝበላ መሳርሒታት እንተማዕበላ፡ ኣብ ትሕቲ ቀጻሊ ክትትል ክኢላታት እየን ክዕየ ጸኒሐን። እዛ ተሰሪሓ ዘላ ሓዳስ መሳርሒት ግን፡ ብጸሓያዊ ጸዓት እትሰርሕ ኮይና፡ ንስመናት ብዘይዝኾነ ናይ ሰብ ክትትል ማይ ከተመንጩ ከምእትኽእል እዩ ዝሕበር ዘሎ።



እዛ ኣብ ስዑዲ ዓረብ ተፈቲና ውጽኢታዊት ኮይና ተረኺባ ዘላ ንእሽቶ ዓቐን ዘለዋ መሳርሒት፡ ኣብ ግዜ ክረምቲ ካብ ነፍሲ-ወከፍ ትርብዒት ሜትሮ ዕለታዊ ካብ 2 ክሳብ 3 ሊትሮ ማይ ተፍሪ፡ ኣብ ግዜ ቀውዒ ከኣ ካብ 1 ክሳብ 3 ሊትሮ ማይ ከምእተመንጩ መግለጺ ሓቢሮም ኣለዉ። እዛ ኣብ መስኖኣዊ ሕርሻ ኣድማዕነታ ኣረጋጊጻ ዘላ መሳርሒት፡ ማይ ብዘዙርቕ ዓለባ፡ ፕላስቲክን ጠሊ ብዝሕዝ ጨውን እያ ተሰሪሓ። እዞም ጥረ ነገራት እዚኣቶም ከኣ፡ እዛ መሳርሒት ትሑት ኣታዊታት ኣብ ዘለዎም ከባቢታት ዓለም፡ ብደረጃ ውልቀ-ሰባት ተወዲና ኣብ ምውሓስ ንዘስተን ንሕርሻዊ ንጥፈትን ዘገልግል ማይ ንክትውዕል ከምዝኽእልዋ ኣማዕቢልታ ሓቢሮም።

## ዘይስሩዕ ሰዓታት ድቃስ፡ ምስ ሕማም ሽኮር ምትሕሓዝ ተረኺቡዎ

ኣብ ሓደ መጽናዕቲ፡ ዘይስሩዕ ሰዓታት ድቃስ ዘኽተሉ ሰባት፡ ሕማም ካልኣይ ዓይነት ሽኮር ከማዕብሉ ዘለዎም ተኽእሎ ብ34 ሚእታዊት ዝለዓለ ኮይኑ ተረኺቡ።



ኣብ'ቲ ንሸውዓተ ዓመታት ዝቐጸለ መጽናዕቲ፡ ስሩዕ ሰዓታት ድቃስ ምህላው ኣብ ምውጋድ ሕማም ሽኮር ኣድማዒ ከምዝኾነ እዩ ክልለ ተኻኢሉ ዘሎ። እቲ መጽናዕቲ ሕማም ካልኣይ ዓይነት ሽኮር ከስዕቡ ዝኽእሉ ካልኦት ረቛሒታት ኣብ ግምት ኣእቲዩ ዝተኻየደ ብምዃኑ፡ ነቲ ዝተረኽበ ወጽኢት ዝያዳ ኣተኣማማኒ ገይርዎ ደርኪቡ።

ካልኣይ ዓይነት ሽኮር፡ ብደረጃ ዓለም ንኣበ ፍርቂ በልዮን ህዝቢ ኣጥቂዑ ዝርከብ ሕማም ኮይኑ፡ ሓደ ካብ'ቶም ኣብ ቅድሚት ዝስርዑ 10 ጠንቅታት ስንክልናን ሞትን ዝኾኑ ሕማማት እዩ። ክሳብ 2050፡ ቁጽሪ ብሕማም ካልኣይ ዓይነት ሽኮር ዝተጠቕዑ ሰባት ብዕጽፊ ክውሰኽ ከምዝኽእል ደማ ይእመት።

ተረኛ ፋርማሲ
ፋርማሲ ዳሊል
ፋርማሲ ፍረ- ኣወሊዕ
ፋርማሲ ራሻም
ዕለት
18/08/24
ጎደና
ጎደና ሓርነት ቁ.158ፊት ሳዕለዋይ ቤት ፍርዲ
ጎደና ዓዲ ኣቤይቶ ቁ.ገዛ 43 ልዕሊ ሆስፒታል ብርሃን ዓይኒ
ጎደና ተጋደልቲ ቁ.20፡ ጥቓ ፋብሪካ ምሽሞር (ጎዳይፍ)
ፋርማሲ ቁ.1 መዓልታውን ለይታውን ኣገልግሎት ትህብ ቁ.ቴሌፎን 127565
ቁ.ስልኪ
125266
163485
181048

Sabur Printing Services